2ይ ክፋል
ንዲያብሎስ ምቅዋም ክንክእል

አምላኽ አብ ምድሪ ንዘሎ ኩሉ ነገር ነናቱ ስርዓትን መምርሕን ዘለዎ ጌሩ እዩ ፈጢርዎ። ከምቲ ዝኹነ ነገር ክትገብር እንተ ደሊኻ ነቲ እትደልዮ ነገር ንምግባር ወይ ንምፍጻም ዘኽእለካ መምርሒ ኣሎ ዝበልናዮ፡ ንድያብሎስ ምቅዋም ክንክእል ከኣ መጽሓፍ ቅዱስ መምርሒ ሂቡና ኣሎ። አምላኽ አብ መንፈሳዊ ውግእ ብኽመይ ከም ንዕወትን አብ ልዕሊ ጸላእትና ብኽመይ ኣድማዒ ዝኹነ መጥቃዕቲ ከም እነውርድን ብቓሉ መምርሒ ሂቡና እዩ።

ካብዚ ቀጺልና ነዚን አብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ መምርሒታት ሓደ ብሓደ ንርኢ፦ እቲ ጽሑፍ "……ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ሎሱ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። ስለዚ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ሎሱ ምስ ኣለጥኩምውን ደው ክትብሉሱ፡ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ። ደጊም ሕቑኹም ብሓቂ ተዓጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኽዲንኩም ቁሙ። ኑቲ ናይ ወንጌል ሰላም ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኹም ደው በሉ። ምስናይ እዚ ኹሉ ነቲ ናይቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ኽተጥፍኡሉ እትኽሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ። ናይ ምድሓን ቁራዕ ርእሲ ኣእትዉ። ናይ መንፈስ ሰይፈውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሓዙ። ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ እናጸለኹም እሞ፡ ምስናይ እዚውን ብኹሉ እናተጸመምኩም፡ ስለ ኹሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቐሑ" (ኤፌ 6፡11-12) ይብል።

1. ሱሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ምልባስ።

ኣብዚ ኣርእስቲ እዚ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ቅልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣንን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እኪይን ምዃኑ ከንርዳእ ኣሎና። ቅልስና መንፈሳዊ ደኣ እምበር ስጋዊ ኣይኮነን። መንፈሳዊ ቅልስ እንተ ደኣ ነካይድ ኣሎና ኽኣ መንፈሳዊ ዝኾነ ኣጽዋር ክንለብስ ኣሎና። መጽሓፍ ቅዱስ "*ሱሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ*" ኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ ዘንበብናዮ ጽሑፍ "*ሱሉ ኣጽዋር ኣምላኽ*" ክብል ከሎ እንታይ ማለት እዩ፧ መጽሓፍ ቅዱስ ሱሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ክብል ከሎ፡ ጐደሎ ዘይብሉ፡ ምሉእ ኣጽዋር፡ ክንሕዞ ዝግብኣና ዘበለ ኣጽዋር ብዘይ ተረፍ ማለት እዩ። ልበሱ ክብል ከሎ ድማ እቲ ክንለብሶ ዝግብኣና ኣጽዋር ንምልዓል፡ ብእኡ ንምክልኻል፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣጽዋር ንምእታው፡ ኣብኡ ንምውካል፡ እቲ ኣጽዋር ጽላልካን *መሽፈኒኻን* ምግባር፡ ብእኡ ምቕጻርን ምኽባብን ዅለንትናኻ ኣብኡ ምውሓጥ (ምእታው) እዩ ዘመልክት። ሱሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ዝበሃል ኣየናይ እዩ፧

ክርስትያን ክለብሶ ዝግብኡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣዚዩ ብዙሕ እዩ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ ግና ካብዚ ቐጺልና ንርኣ።

ሀ. መለኮታዊ ፍልጠት (Divine Knowledge)

ፍልጠት ካብቲ ክርስትያን ክለብሶ ዝግባእ ኣጽዋር ኣምላኽ ሓደ እዩ። ፍልጠት መንፈሳዊ ልብሲ እዩ፡ ፍልጠት መንፈሳዊ ዕጥቂ እዩ። እዚ ፍልጠት እዚ ግና እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልቢ ሰብ ዚበርህን ዚግለጽን መንፈሳዊ ፍልጠት ደኣ እምበር፡ እቲ ሰባት ብኣእሮኦም ዝሃንደስዎ ፍልጠት ኣይኮነን። መጽሓፍ ቅዱስ "*ጻድቃን ግና ሰላ ፍልጠት ይናገሩ*" (ምሳ 11፡9) ይብለና። መንፈሳዊ ፍልጠት ንሰባት የናግፍ እዩ። ጐይታና የሱስ'ውን "*ነቲ ዘለኻኽዎ የሱስ ክርስቶስ ከፈልጡ እዚኣ ናይ ዘልኣለም ህይወት እያ*" (ዮሃ 17፡3) እናበለ ምዒሩ ኣሎ። ወሲኹውን "*ንሓቂ ኽትፈልጥዎ*

ሲ ኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ኸተውጽኣኩም እያ" (ዮሃ 8፡32) ይብል። ኣብ ካልእውን *"ንፍሲ ብዘይ ፍልጠት ምኻና ጽቡቕ ኣይኰነን"* (ምሳ 19፡2) እናበለ፡ ከመይ ዝበለ መንፈሳዊ ፍልጠት ክንለብስ ከም ዘሎና ኣጸቢቕ ይገልጽ።

ፍልጠት ክንለብሶ ዝግብኣና ክነሱ ብዙሓት ኣመንቲ ነዚ ኣጽዋር እዚ ብዘይ ምሓዝም ይጉድኡ፡ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍኡ፡ ይማረኹ፡ ይሞቱውን እዮም። ኣጽዋር ዝኾደሎ ዓቀይታይ (ውተሃደር) ወይ ይማረኽ፡ ወይ ይመውት፡ ወይ ድማ ኣደዳ ጸበባን ሽግርን ይኸውን። ኮይታና የሱስ ግና ክጽሊ ከሎ *"ጻድቕ ኣቦይ ዓለም ኣይፈለጠትካን ኣነ ግና ፈሊጠካ ኣለኹ"* ብምባሉ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ከመላለሰ ከሎ ፍልጠት ተዓጢቕን ለቢሱን ከም ዝነበረ የረድኣና።

ጳውሎስውን ብብዙሕ ጸበባን ሽግርን ኪሓልፍ ከሎ ሓደ ካብቲ ኣጽዋር ኣምላኽ ንሱ ኽኣ መንፈሳዊ ፍልጠት ተዓጢቕ ከም ዝነበረ ክዛረብ ከሎ *"ግናኽ ብመን ከም ዘኣመንኩ እፈልጥ እየ"* (2ጢሞ 1፡12) ይብል። ነቲ ዚኣመንካዮ (whom you believe)፡ መንነትካ (your Identity)፡ ብክርስቶስ ዘሎኻዮ ቦታን (your position) እተዋህበካ ስልጣንን (your Authority) ምፍላጥ እዚ ካብቲ ክንለብሶ ዝግብኣና ኣጽዋር ኣምላኽ እዩ። ነዚ ፍልጠት እዚ ክንለብስ በዚ ፍልጠት እዚ ክንሽፈንን ክንቅጸርን ክንክበብን በዚ ፍልጠት እዚ ክንጥመቕን ኩለንትናና ብእኡ ክንክወልን እንከሎና፡ ሓደ ካብቲ ክንለብሶ ዝግብኣና ኣጽዋር ኣምላኽ ለቢስና ኣሎና ማለት እዩ። ብዙሕ ጊዜ ሰባት ኣብ መንፈሳዊ ናብራኣም ንሓድሕዶም ዝናኽሱን ዝጋጨዉን፡ እቲ ነገር ምንጩ ካበይ ምኻኑን መን ይገብሮ ከም ዘሎ ስለ ዘይፈልጥዎ እዮም። መበገሲኡ ካበይ ምኻኑ እንተ ፈሊጥና ግና ኣብ ንሓድሕድና ዜሸግር ነገር ኣይክህልወናን እዩ።

ለ. ደም ክርስቶስ (The blood of Jesus)

ደም ኮይታና የሱስ ክርስቶስውን ካብቶም ክንለብሶም ዝግብኡና ኣጽዋር ኣምላኽ ሓደ እዩ። እዚ ኽኣ ኣበርን ርኽሰትን ዘይተረኽበ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዘይ ጽያፍ

እተራእየልና ደም ብምኻኑ እዩ (እብ 9፡11-14)። እግዚኣብሄር ክጥምተና ኸሎ በዚ ደም እዚ ጸዲቕና፡ ተሓጺብና፡ ተቐዲስና፡ ተሸፊናን እዩ ዚርእየና፡ ከምቲ ደቂ እስራኤል በታ ካብ ግብጺ ዝወጹላ መዓልቲ ኣምላኽ ድማ ንቦኽሪ ግብጻውያን እናወቕዐ ንኣማልኽቲ ግብጺ ዝፈረደላ ለይቲ ገንሸል ሓሪዶም ደሙ ኸኣ ኣብ ላዕለዋይ ልዳትን ኣብ ክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ዝለኸይዎ (ዘጸ 12፡21-28) እሞ፡ እቲ መጥፍኢ ነቲ ደም ምስ ረኣየ ዝሓልፎም ዝነበረ (ዘጸ 12፡29)፡ ሎሚውን ከምኡ በቲ ህያው ዝኾነ ደም ክርስቶስ ብመንፈስ ኪንና ክንሸፈን ከሎና፡ እቲ ዘጥፍእን ዚቐትልን ዚሓርድን ጸላኢ ክቐርበና ኣይክእልን እዩ። *ቃል ኣምላኽውን "ሳላ ደም እቲ ገንሸልን ሳላ እቲ ቓል ምስክሮምን ደማ ሰዓርም"* (ራእ 12፡11) እዩ ዚብል። ስለዚ ነዚ ደም እዚ ብምሽፋንን ኣብዚ ደም እዚ ብምስዋርን ንጸላኢ ክንስዕር ንኽእል ኢና።

ደም ምስ ህይወት ተነጻጺሉ ዘይክይድ ነገር እዩ። ኣብቲ ደም ህይወት ከም ዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ገሊጹ ይነግረና። እቲ ዝለዓለ ክብሪ ናይ ህይወት ኣብ ደም ስለ ዘሎ ህይወት ክኣ ህያብ ኣምላኽ ከም ምኻኑ መጠን ኣምላኽ ደም ወዱ የሱስ ክርስቶስ ብዘይ ንሕስያ ክፈስስ ጌርዎ እዩ። ካብ ቀደምውን ክብሪ ናይ ህይወት ስለ ዚፈለጠ ደም ንኽይብላዕ ኣዚዙ (ዘሌ 17፡11) እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ደም ኣብውርን ድቤላታትን ተሓሪዱ ሓጢኣት ንምንጻህ ይጠቅም ነይሩ (እብ 10፡4)። ግናኸ ምሉእ ምንጻህ ሓጢኣት ክህቦም ኣይክእለን። መተካእታ ናይ እዚ ኸኣ የሱስ ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ጌሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ብምቕራቡ በቲ ኣበርን ርኽሰትን ዘይተረኽቦ ደሙ ካብ ኵሉ ሓጢኣትና ከንጽሃና ከኣለ (እብ 9፡14)። ነዚ ደም እዚ ምልባስ ማለት እምበኣር ኣብ ውሽጢ እዚ ደም እዚ ምስዋር ብእኡ በቲ ህያው ዝኾነ ደም ምሽፋንን ማለት እዩ። ካብ ክሲ ናይ ጸላኢ ንገላገለሉ፡ ካብ ኵሉ በደልናን ኣበሳናን ንነጽሃሉ፡ ናይ ሓጢኣት መገዲ ንዓጽወሉ እዚ ደም እዚ እዩ። ናብ መቕደስ ቅድስተ ቅዱሳን ንምእታው ትብዓት ዝህበናውን እዚ ኣበርን ርኽሰትን ዘይብሉ ደም እዩ።

ሐ. ኣምላኻዊ ባህሪ (God's Character)

እግዚኣብሄር ንሰብ ብመልክዑን ብምስሉን ክፈጥሮ ኸሎ ካብ ባህሪኡን ካብ መንፈሱን እዩ ኣማቒልዎ። ሰብ ድማ ብመንፈሱ ንኣምላኽ መሲሉ፡ ካብቲ ኣምላኻዊ ባህሪ ተማቓሊ ኹይኑ ተፈጥረ። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ እምበኣር ክንሰብሶ ካብ ዝግብኣና ሓደ ኣምላኻዊ ባህሪ እዩ። ኣምላኻዊ ባህሪ ዝበሃል ካብ ኣምላኽ ዚምንጩ፡ ኣብ ሰብ ዚሓደረ ኣምላኻዊ ተውህቦ እዩ። እዚ ኸኣ ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ለውሃት፡ ትዕግስቲ፡ ወዘተ ተባሂሉ ኣብ ገላ 5፡22 ተገሊጹ ዘሎ ፍረ መንፈስ እዩ። ጳውሎስ ንሰብ ቈሎሴ *"እምብኣርሲ ኸም ሕሩያት ኣምላኽን ቅዱሳንን ፍቁራትን ኪንኩም፡ ምሕረት ልቢ፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ዓቕሊ፡ ትዕግስቲ ልበሱ"* (ቈሎ 3፡12) እናበለ ክለብስዎ ዘለዎም ባህርያት ይነግሮም። ወሲኹውን *"ኣብ ልዕሊ እዚ ኵሉውን ፍቕሪ ማእሰር ፍጻሜ እዩ እሞ፡ ልበስዎ"* (ቈሎ 3፡14) እናበለ ነቲ ኣምላኻዊ ባህሪ ክለብሱ ከም ዘለዎም የዘኻኽሮም። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ እምብኣር እዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ባህርያት እንተ ለቢስናየን ሰይጣን ብዝኹነ ይኹን መገዲ ከጥቅዓና ወይ ድማ ክኽሰና ኣይክእልን እዩ።

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ጊዜኡ *"ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ ኣሎ እሞ፡ ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን"* (ዮሃ 14፡20) ኢሉ ኣሎ። ኣብ ካልእውን *"ካባኻትኩም ብሓጢኣት ዚረትዓኒኽ መን ኣሎ፧"* (ዮሃ 8፡45) ይብል። እዚ ኣብ ነፍሱ ኹነ ኣብ ህይወቱ ድያብሎስ ዋላ ሓንቲ ነገር ከም ዘይብሉን ዝኹነ ሰይጣናዊ ነገር ወይ ድማ ሓጢኣት ከም ዘይገበረን ምእንቲ ኪገልጽ ኢሉ እዩ ተዛሪብዎ። ሰብ ኣብ ሓጢኣት እናተመላለሰ ኸሎ መንፈሳዊ ውግእ ክዋጋእ እየ እንተ በለ ፈጺሙ ኪስዕር ኣይክእልን እዩ፡ ምኽንያቱ ኣብ ህይወት እቲ ሰብ ሰይጣን ዚዘርኦ ናይ ሓጢኣት ዘርኢ ኣሎ። ሓደ ኣማኒ ምስ ካልኦት ኣመንቲ ተጻሊኡ ኸሎ ከመይ ኢሉ መንፈሳዊ ውግእ ኪዋጋእ ይኽእል፧ ወይስ ከመይ ኢሉ *"ድያብሎስ ኣባይ ዋላ ሓደ የብሉን"* ክብል ይኽእል፧ ብመሰረቱ እቲ ኣብ ህይወቱ እተዘርኦ ጽልኢ ካብ ሰይጣን እዩ ምኽንያቱ ንኹሉ እቲ ክፉእ ምንጪ ድያብሎስ እዩ። ስለዚ

ባህርያት አምላኽ ክንለብስ ከሎና እቲ ቀዳማይ ንእውጆ ኣዋጅ ድያብሎስ ኣባይ ሓንቲ የብልካን ዚብል እዩ።

ሓደ ጊዜ ንሓንቲ ሰብ እናጸለናላ ኸሎና ኣብታ ጓል ብብዙሕ ዚንይነቱ ሓጢኣት ዚኣሰራ መንፈስ ኪጋለጽ ጀመረ፡ ብስም የሱስ ውጸእ፡ ሕደጋ፡ እናበልና ቃል ኣምላኽ እናጠቐስና ክንእዝዞ ኸሎና ኸኣ ነቲ ቃልን ነቲ ስምን ክጸወሮ ስለ ዘይከኣለ ክምዚ ክብለና ጀመረ፡ ሕጂ ተቓጺለ ስለ ዘለኹ ነዚ ስም እዚ ኸኣ ክጸወሮ ስለ ዘይከኣልኩ ክወጽእ እየ፡ ግናኸ ንብረት ስለ ዘሎኒ ካብዚ ናብ ቤታ ምስ ከደት ክምለሳ እየ፡ እናበለ ኪፍክርን ኬእውን ጀመረ። ብድሕሪኡ እንታይ ንብረት ኣሎካ፧ ኢልና ክንሓቶ ኸሎና፡ ነታ ሰብ ብዝተፈላለየ ነገር ኣሲሩ ፍሉይ ሓጥያት ኣለማሚዱ ሕዝቦ ክም ዝነበረ ገለጸ። ደሓር እታ ጓል ናብ ኣእምሮኣ ክትምለስ ጸሊና ምስ ተመልሰት፡ እቲ መንፈስ ኣለማሚድዎ ዚነበረ ሓጥያት ሓቂ ምኻኑ ሓተትናያ። ንሳ ኸኣ ኣብ ሓጢኣት ትመላለስ ምህላዋ ገሊጻ እዚ ነገር እዚ ኮኑ ሓቂ እዩ ኢላ ኣመነትሉ። እሞ ሕጂ ትገድፍዮ ዲኺ ምስ በልናያ ድማ ፈጺማ ክትገድፎ ክም ዘይትኽእልን ንእኡ እንተ ገዲፋቶ ኸኣ ብዙሕ ነገር ክም ዚጐድላ ነገረትና። ነስተውዕል እዛ ሰብ እዚኣ ድያብሎስ ኣባይ ሓንቲ የብልካን ኪትብሎ ኣይትኽእልን እያ። ምኽንያቱ ስፍራ ኣለዎ። እቲ ንብረት ኣሎኒ ዚበሎ ኸኣ እቲ ንሳ ትገብሮ ዝነበረት ሓጢኣት እዩ። ጽድቂ፡ ፍቕሪ፡ እንተ ለቢስና ግና ሓጢኣት ኮነ ጽልኢ ኣባና ቦታ የብሉን። ትዕግስቲ እንተ ለቢስናውን ታህዋኽ፡ ተስፋ ምቑራጽ፡ ካልእ ዓይነትን ኣባና ኣይስልጥኑን እዮም።

መጽሓፍ ቅዱስ *"ኣብ ዓለም ብፍትወት ሲጋ ካብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም፡ ተማቓልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምእንቲ ኽትኩኑ"* (2ጴጥ 1፡4) ይብል። ካብቲ ኣብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ካብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም ክብል ከሎ ኣብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ዝመጽእ ጥፍኣት ክም ዘሎን ኣምላኽ ከኣ ካብቲ ጥፍኣት እቲ ክም ዘውጽኣናን እዩ ዝገልጽ ዘሎ። እቲ ካብኡ ዝወጻእናሉ ምኽንያት ከኣ ተማቓልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህሪ ምእንቲ ክንከውን እዩ። ነቲ ኣምላኻዊ ባህሪ ክንለብስ ከሎና ኸኣ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ዕዉት ኣካይዳ ይህልወና።

2. ዞኡ ኣጽዋር ኣምላኽ ምልዓል

ቅድሚ እዚ ሒዝናዮ ዘሎና ኣርእስቲ ንድያብሎስ ምቅዋም ክትክእል ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ ዚብል ርኢና ኣሎና። እዚ ገና ናብ ውግእ ከይኣቶኻን ቅልስ ከይጀመርካን ትገብሮ ቅድመ ምድላው እዩ። ኣብዚ ሕጂ ንርእዮ ኣርእስቲ ግና ብንጹር ፍልይ ንዝበለት መዓልቲ እዩ ዘመልክት። ንሳ ኸኣ እታ እክይቲ መዓልቲ ኢልዋ ዘሎ እያ። ኣብቲ ቀዳማይ "ልበሱ" እዩ ኢሉ ዘሎ። እዚ ኸኣ *"ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉ"* (ኤፌ 6፡12) ስለ ዚብል እዩ። ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋም ማለት ነቲ ሰይጣን ዝመደቦን ዚሓንጸጸን ዝወጠነን ውዲት እናተቓወምካ ኣንጻሩ ደው ምባል እዩ ዘመልክት። እዚ ሰይጣን ዚሓሰቦን ዝመደቦን ነገር ፈሊጥና ክንለብሶ ዝግብኣና ምልባስን ተዳሊና ጸኒሕና ነቲ ሓሳቡን ምኽሩን ምቅዋምን እዩ ዘመልክት።

ኣብዚ ሕጂ ንርእዮ ኣርእስቲ ኣጽዋር ኣምላኽ ምልዓል ዚብል ክኸውን እዩ። *"ስለዚ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉ ዞኡ ምስ ኣሰለጥኩምውን ደው ክትብሉሰ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ"* (ኤፌ 6፡13) ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ምልዓል ማለት ምሉእ ጐደሎ ዘይብሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ምሓዝ ማለት እዩ። ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕል ክብል ከሎ ተዳሎ ማለቱ ኣይኰነን። ምድላው ኣብቲ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉ ኢልዎ ዘሎ እዩ። ምልዓል ግና ውግእ ንምጅማር እዩ ዚገልጽ፡ እዚ *"ኣልዕሉ"* ዚብል ዘሎ ቓል ኣጽዋርኩም ኣተንስኡ፡ ውሰዱ፡ ምዘሙ፡ ውቐዑ፡ ንዚብል ተግባራዊ ሓሳባት እዩ ዚሕብር። ስለዚ ኣጽዋር ኣምላኽ ክነልዕል ከሎና ውግእ ጀሚርና ኣሎና ማለት እዩ። ምኽንያቱ በታ እክይቲ መዓልቲ ስለ ዚብል፡ በታ እክይቲ መዓልቲ ኸኣ ትዋጋእ ደኣ እምበር ንድሕሪት ተመሊስካ ክም ብሓድሽ ምድላው ኣይትገብርን ኢኻ። ስለምንታይ ኣጽዋር ኣምላኽ ነልዕል፧ ዚብል ሕቶ ካብዚ ቀጺልና ክንምልስ ኢና።

ስለምንታይ ሓጽዋር ኣምላኽ ነልዕል፧

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ክልተ ሓሳባት ክንርኢ ኢና። መጽሓፍ ቅዱስ *"ስለዚ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉ ሎሉ ምሰ ኣስለጥኩምውን ደው ክትብሉ፡ ብዘሎ ሓጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ"* (ኤፌ 6፡13) ይብል ኣሎ። እቲ ቀንዲ ኣጽዋር ኣምላኽ ከነልዕል ዝድርኽና ምኽንያት እምበኣር
ሀ. ምቅዋም መታን ክንክእል።
ለ. ሎሉ ምስ ኣስለጥና ደው መታን ክንብል።

ሀ. በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም መታን ክንክእል

እዛ እክይቲ መዓልቲ ኢሉ ገሊጽዋ ዘሎ፡ እታ ሰብ ዝፍተነላ ናይ ፈተና መዓልቲ እያ። በዛ መዓልቲ እዚኣ እቲ ስሌና ኣብ ናይ ኣጋንንቲ ዓለም ወይ ድማ ኣብ ደጌታት ሲኣል እተመኽረን እተመደበን ውዲት ናይ ዲይብሎስ ኣብ ልዕሌና ክፍጸም ዚግለጸላ፡ እታ ዝኸፍኣትን ሓደገኛ ዝኾነትን መዓልቲ እያ። እዛ መዓልቲ እዚኣ ንኹሉ ሰብ ብሓንቲ መዓልቲ ትመጸ ኣይኮነትን። ስለዚ በዛ ክፍእትን እክይትን መዓልቲ ምቅዋም ክንክእል ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ከነልዕል ኣሎና። ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ክብል ከሎ ሎሉ ወይ ድማ እተማልኣ ዕጥቂ፡ መከላኸሊ፡ ምልዓል ማለት እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ምስላ ዘራኢ ክዛረብ ከሎ *"እቲ ኣብ ከውሒ እተዘርኣ ኽኣ ነዚ ቃል ሰሚው ብሑብኡ ብሓጐስ ዚቕበሎ እዩ። ንሽው ጥራይ እዩ እምበር፡ ሱር ግና የብሉን። ስለቲ ቃል መከራ ወይ ስደት ምስ ኰነ፡ ብሑብኡ ይዕንቀፍ"* (ማቴ 13፡20-21) ይብል። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ እቶም ስማዕቲ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። እዞም ሰማዕቲ ክሰምዑ ኽለዉ ብሓጐስ እዮም ተቕቢሎምዎ። ኣብ መጀመርታ ተቓውሞ ዝበሃል ኣይነበሮምን። ነቲ እተቕበልዎ ቃልውን ዚሓድግዎ ኣይመስሉን እዮም። ግና'ኸ ስለቲ ቃል መከራ ወይ ስደት ምስ ኰነ ብኡ ብኡ እዮም ዚጠልሙ።

ኣብዚ እቲ መከራ ወይ ስደት ኢልዎ ዘሎ ከምቲ ኣቕዲምና ዘንበብናዮ እክይቲ መዓልቲ ኢልዎ ዘሎ እዩ። ሰባት ስለቲ ኣብ ልቦም ብመንፈስ ቅዱስ እተቕበልዎ ቃል፡

ስለቲ ብትንቢት እተነግረሎም ቃል፡ ስለቲ ብሕልሚ እተገልጸሎም ቃል እዩ መከራን ስደትን ዚመጸም። ኣመንቲ ዝፈላለይሉ ናይ ዕብየት ደረጃታት ኩሉ መበገሲኡ እዚ እዩ። ስለ እቲ ቃል መከራ ወይ ስደት ይመጽእ እዩ። ኣብዚ ጊዜ እዚ እንተ ጸኒያም ግና ናብ ዝበለጸ ዓወት እዮም ዚሰጋገሩ። ስለቲ ቃል መከራ ወይ ስደት ምስ መጸ ዚብሎ ዘሎ፡ ዋላውን ነቲ ንሕና ኣብ ኣምላኽ ተኣሚንና ንዛረቦ ቃልውን የመልክት እዩ። በታ እክይቲ መዓልቲ ሰይጣን ሰራዊቱ ኣኽቲቱ ዝስለፈላ መዓልቲ ምቅዋም መታን ክንክእል፡ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ነልዕል። እዚ ኽኣ ነቲ ናብ ህይወትና ክፉእ ኬምጽእ ዚተላዕለና ምቅዋም ምእንቲ ክንክእልን እምነትናን ስልጣንናን ምእንቲ ከይንሓድጎን እዩ።

ለ. ኩሉ ምስ ኣስለጥና ደው ምእንቲ ክንብል

መብዛሕትኡ ጊዜ ሰብ ዳርጋ ኹሉ ነገራቱይ ኣስሊጠ እየ ምስ በለ እዩ ብድንገት ብዘይሓሰቦ መገዲ ዚበላሸዎ። ዝኸፍኣን ዝመረረን ጊዜ ምስ ሓለፈ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ደረጃ ደው ምባል ስኢኑ፡ ንጸላኢ ኢዱ ዝህብ ውሑድ ኣይኰነን። እቲ ውግእ ሕጂስ ኣስሊጠ እየ፡ ተዓዊቱ፡ ቀኒዑኒ እዩ፡ ኣብ ዝበልናሉ ጊዜ እዩ ዳግማይ ዚለዓለና። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ *"ሰላምን ደሓንን እዩ ኸብሉ ከለዉ ሽዑ ጥፍኣት ብድንገት ይመጸሎ፡....."* (1ተሰ 5፡3) ዚብል። ወዲኤ ኣብ ንብለሉ ጊዜ፡ ብድንገት ውግእ ይለዓለና እዩ። እዚ ውግእ እዚ ካብቲ ሕነ ዚፈዲ መንፈስ እዩ ዚለዓል። እዚ መንፈስ እዚ ካብቶም ኣቐዲምና ተዋጊእና ዝሰዓርናዮም መናፍስቲ፡ ሓይሊ ወሲኹ፡ ሚላ ቐይሩ፡ ኣዳህሊሉ፡ ማለት ብዘይሓሰብካዮ መገዲ ዝመጽእ መንፈስ እዩ። ሓይሉ ወሲኹ ስለ ዚመጽእ ነቲ ውግእውን ሓይሊ ክውሰኽ ይግብሮ እዩ። ስለዚ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ክንኣቱ ኸሎና ነዚ መንፈስ እዚ ገና ኸሎ ብስም የሱስ ክንኣስሮ ኣሎና። ምኽንያቱ ኣብ ሕነ ምፍዳይ ብዙሕ ሳዕ ካብቲ ቀዳማይ እቲ ዳሕረዋይ እዩ ዝገደደ ዝኸውን።

3. ብሓቂ ምዕማኞ

ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ንድያብሎስ ክንቃወም ካብ ዘኽእሉና ረኞሓኢታት ሓደ ሓቂ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ደጊም ሕጅኽም ብሓቂ ተዓጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኽዲንኩም ቁሙ"* (ኤፌ 6፡14) ይብል። የሱስ ክርስቶስ ሓቂ ምዃኑ ኮቲ ሓቂውን ተዓጢቕዎ ከም ዝነበረ ክዛረብ ከሎ *"ጽድቂ ኽሳ ቅናት ሕቕኡ፡ እምንኑትውን ማዕጥቕ ምሕኽልቱ ኪኸውን እዩ"* (ኢሳ 11፡5) ይብል። ሓቂ ወይ ድማ ጽድቂ ክንዕጠቕ ከሎና እምበኣር ናይ ድያብሎስ ሓሳብ ኣባና ስፍራ ዝበሃል ኣይህልዎን እዩ። ምኽንያቱ ንሱ ሓሳዊ ስለ ዝኾነ ሓቂ ኣብ ዘለዎ ክነብር ኣይክእልን እዩ። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ክንኣቱ ኽሎና ሓቂ ክንዕጠቕ ካብ ሓቂ ወጻኢ ንዝመጸና ዘበለ ኩሉ ጉዳያት ኣብ ዝኾነ ምምስማስ ክይኣቶና፡ እቲ ብሓቂ ዝርከብ ናይ ሓርነት መገዲ ሒዝና ክንመላለስ ኣሎና። መጽሓፍ ቅዱስ *"ደጊም ሕጅኽም ብሓቂ ተዓጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኽዲንኩም ቁሙ"* (ኤፌ 6፡14) ክብል። ከሎ፡

-1ይ ንህይወትና ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ክትኣቱ ስለ ዜኽእላ።

-2ይ ብሓርነት ስለ ዘመላልሰና። ከመይሲ *"ንታ ሓቂ ኽትፈልጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ኽተውጽኣኩም እያ"* *(ዮሃ 8፡32)* ዚብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ።

-3ይ ድያብሎስ ክስዕረና ዘይክእለሉ ኣጽዋር ሒዝና ስለ ዘሎና። ምኽንያቱ *"ፍረ ብርሃን ብሰናይ ዘበለን ብጽድቅን ብሓቅን እዩ፡ ቀደም ጸልማት ኼርኩም ኢኹም እሞ፡ ብጐይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢኹም፡ ንጐይታ ዘሓጉሰ እናመርመርኩም፡ ከም ደቂ ብርሃን ኼንኩም ተመላለሱ"* *(ኤፌ 5፡8-10)* ስለ ዚብል።

ሓቂ፡ ንደቂ ሰባት ናብ ኣምላኽ ዝወስዶም መምርሒ እዩ። ኣብ ሓቂ እንተ ኣሎና ናይ ሓሶት መልእኽተኛታት ኽስዕሩና ኣይክእሉን እዮም። ብዙሕ ጊዜ ሰባት ዘየስተብህሉ ነገር ኣሎ፡ ንዝኾነ ጉዳይ ከመኽንዩ ክብሉ ይሕስዉ እሞ፡ ቢታ ንእሽቶ ጉዳይ ዝጀመረ ነገር ከይተረድኦም ናይ ሓሶት ልምዲ የጥርዩ። በዚ ኽኣ ናይ ሓሶት እሱራት ኮይኖም ይነብሩ። ሓቂ ስለ ዘይብሎም ከኣ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ኪዕወቱ ዘይክእሉ ይኾኑ። ደቂ እስራኤል ኣብ ዘመን እያሱ ሓደ ጊዜ

ኪስዓሩ ካብ ዝገበሮም ምኽንያት ሓሶት እዩ (እያ 7፡11)። ኣብ ሓሶት ከሎና ንድያብሎስ ክንቃወሞ ኣይንኽእልን ኢና ምኽንያቱ ከይተረድኣና ኣብቲ ናቱ ዓንኬል ስለ ዜእትወና። ነፍሲ ወከፍና እንዛረቦን እንሓስቦን ዘበለ ነሱ ሓቂ ዝሓዘ ኪኸውን ኣለዎ።

ሓቂ ናብ ብርሃን ኣምላኽ ዘእትወና ናይ ቅድስና መገዲ እዩ። ንድያብሎስ እታ ዝመረረት ትወቕየ ነገር ሓቂ እያ። ምኽንያቱ ንሱ ሓሳውን ናይ ሓሶት ኣቦን ስለ ዝኾነ። ኣብ ሓቂ ኳንና ክንዋጋእ ከሎና እታ ሓቂ እያ ባዕላ ኣብ ልዕሊ ድያብሎስ ዓወት ትህበና። መጽሓፍ ቅዱስ *"ንሓቂ ዓድጋ እሞ ኣይትሸጣ፡ ንጥበብን ተግሳጽን ከኣ"* (ምሳ 23፡23) ይብል። ንሓቂ ዚሸጥዋ ሰባት ናይ ሓሶት ባሮት እዮም ዝኾኑ፡ ኣብ ሓቂ ዘይነብር ሰብ ከኣ ኣብ ናይ ሓሶት መገዲ ኪመላለስ ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ሓቂ እንተ ተዓጢቕና ኣምላኽ ሓቂ ኸኣ ብዓውት ኪመርሓና ግድን እዩ።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሓቂ እዩ። ጐይታና የሱስ ክጽሊ ኸሎ *"ኣምላኽ ሓቂ ንሰኻ በይንኻ ምኻንካን ኑቲ ዚለኣኽኮ መድኻ የሱስ ክርስቶስን ኪፈልጡ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዚኣ እያ"* (ዮሃ 17፡3) ኢሉ ጸልዩ። ሰብ ንኣምላኽ ሓቂ ብምፍላጥ ይድሕን እዩ። ሓቂ ኣብ ኣምላኽ ዓቢ ቦታ እዩ ዘለዋ። ዮሃንስ ንጋይዮስ ክጽሕፈሉ ኸሎውን *"ንሰኻ በታ ሓቂ ትመላለስ ከም ዘሎኻ፡ ኣሕዋት መጺኦም ስለ እታ ኣባኻ ዘላ ሓቂ ብምምስካሮም ብዙሕ ተሓጐሰኩ። ኣነ እቶም ደቀይ ብሓቂ ኸም ዚመላለሱ ኻብ ምስማዕ ዚዓቢ ሓጐስ የብለይን"* (3ዮሃ 3) ኢልዎ። ብሓቂ ክንመላለስ ከሎና ሰባት ብዛዕባና ይምስክሩ፡ ንጸላኢና በቲ ዚተዓጠቕናዮ ሓቂ ክንወቕየ ክእለት ንረክብ።

4. ሾሉ ሳዕ ብወንጌል ሰላም ምድላው

ብወንጌል ሰላም እተዳሎና ንኹን ማለት ቃል ወንጌል እናመስከርናን እናነገርናን ሾሉ ሳዕ ድልዋት ንኾን ማለት እዩ። በዚ ነገር እዚ እተዳሎና እንተ ደኣ ጌንና ድያብሎስ ዚኣሰሮም ወንጌል መስኪርና ናብ ጐይታ ነምጽኣም ስለ ዘሎና እዚ ብምግባርና ንድያብሎስ ንቃወሞ ኣሎና። ናይ ድያብሎስ መንግስቲ ዝፈርሰሉ ሓደ ምኽንያት ወንጌል ብምምስካር እዩ። ሰብ ወንጌል ብዝመስከረሉ መጠን ንናይ ጸልማት ሓይሊ ኣፍሪሱ ብብርሃን እተገልጸት ናይ ኣምላኽ መንግስቲ እዩ ዚተክል ዘሎ። ስለዚ ንድያብሎስ ምቅዋም መታን ክንክእል በዚ ናይ ሰላም ወንጌል ሾሉ ሳዕ እተዳሎና ክንከውን ኣሎና። ከምቲ ሾሉ ሰብ ናብ ዝኹነ ቦታ ኪኸይድ ምስ ተዳለወ ኣሳእን ኣብ ኣእጋሩ ኣእትዩ ደው ዚብል፡ ከምኡ ኸኣ ንሕና እቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላው ዅሉ ሳዕ ከም ኣሳእን ኣብ ኣእጋርና ኣእቲና ደው ክንብል ከሎና ንድያብሎስ ንቃወሞ ኣሎና ማለት እዩ።

ሰይጣን እቲ ቀንዲ ንማሕበር ኣምላኽ ዚጻረራ ወንጌል ከይትምስክር እዩ። ማሕበር ኣምላኽ ወንጌል ካብ ምምስካር ክትዓርፍ የብላን። ካብ ዘበን የሱስ ጀሚሩ ክሳዕ ሎሚ ማሕበር ክርስቶስ ወንጌል ከይትምስክር ሰይጣን ብዝተፈላለዩ መራሕትን መንግስታትን እናተጠቕመ፡ ነቶም ናይ ሓቂ ኣመንቲ ደረትን ገደብን እናገበረ ይከላኸል ኣሎ። ግናኸ ቃል ኣምላኽ ኣይእሰርን እዩ። ነቲ ሓይሊ ዘለዎ ቃል ከምቲ ጐይታ ዝኣዘዘና ክሳዕ ወሰን ምድሪ መታን ከነብጽሕ፡ ሾሉ ሳዕ ብወንጌል ሰላም ክንዳሎ ይግብኣና። እዚ ኸኣ ንናይ ጸልማት ሓይልታት ቦታ ዓጽዩ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ዜስፍሕ ኣምላኻዊ ኣሰራርሓ እዩ። ወንጌል ናይ ምምስካር ሓደራ ንኾልና እዩ ተዋሂቡ ዘሎ። ነተን ብዘይ ምርዳእ ኣብ ትሕቲ ናይ ድያብሎስ ማእሰርቲ ተታሒዘን ዘለዋ ነፍሳት ከኣ በቲ ናይ ሰላም ወንጌል ካብ ኢዱ ክንምዝዎን ግቡእናን ሓላፍነትናን እዩ።

5. ዋልታ እምነት ምልዓል።

ኩላትና ከም እንፈልጠ ዋልታ ማለት መከላኽሊ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ ክብለና ኽሎ ኽኣ ብእምነት ክንከላኸለሉ ዘኽእለና መከላኽሊ ንሓዝ ማለት እዩ። ዋልታ መከላኽሊ እንተ ኾይኑ እምነት ማለት ከኣ ንዚተዋህበካ ናይ ኣምላኽ ተስፋ ዘረጋግጽ ክዉን ጌሩ ዘጨብጠና መንፈሳዊ ሓይሊ እዩ። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ዋልታ እምነት ክነልዕል ኣሎና ክንብል ከሎና፡
1ይ. ነቲ ብጐይታ እተዋህበና ስልጣን ብእምነት ተቐቢልና ኣብቲ እተዋህበና ናይ ስልጣን ስፍራና ደው ክንብል ኣሎና።
2ይ. ስሌና እተጻሓፈ ዘበለ ናይ ስልጣን ቃልን፡ ስለ እቶም ኣጋንንቲ እተጻሕፈ ዘበለ መርገምን ውርደትን፡ ካብ ቃል ኣምላኽ ተረዲእና ብሓዝ፡ ኣብቲ እተረዳእናዮ ናይ ተስፋ ቃል ደው ኢልና ምእማንን በቲ ቃል ኣምላኽ ምውጋእን የመልክት። ስለዚ ንድያብሎስ ምቅዋም ምእንቲ ክንክእል ካብቲ ክነልዕሎ ዘሎና ኣጽዋር ኣምላኽ ሓደ ዋልታ እምነት እዩ። እዚ ኽኣ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ብእምነት ጸኒዕና ምቅዋምን ኣብቲ ትኹል ዝኾነ ቃል መሰረትና ምድልዳልን እዩ ዘመልክት።

ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ልዕሊ ዅሉ ብዝተፈላለየ ሓሳባት ከይንደናገር ንሓሳብ ኣእምሮና በዚ ናይ እምነት ዋልታ ወይ ድማ ናይ እምነት ቀራዕ ርእሲ ጌርና ክንሽፍኖ ኣገዳሲ እዩ። ብናይ እምነት ቃል እናተኽላኸልና ኣብ ልዕሊ ጸላእትና ቃል እምነት እናኣወጅና ብእምነት ደው ንበል። በዚ ኽኣ ንጸላኢና ምቅዋም ክንክእል ኢና። ነቲ እተዋህበና ናይ ተስፋ ቃል ብእምነት ንሓዞ። ውግእ ከቢዱኒ ኢልና ናይ ስልጣንና ስፍራ ክንሓድግ የብልናን። ነቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ኽነጥፍኦ እንኽእል መሳርሒ ዋልታ እምነት እዩ።

ኣብዚ እቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ኢልዎ ዘሎ፡ ነቲ ናይ ድያብሎስ ሓሳብ እዩ። እቲ ሓሳብ መንትግ ጥራይ ኣይኰነን፡ ኣብቲ መንትግ ርሱን ነገር ድማ ኣለዎ። ስለዚ ድማ እዩ ርሱን መንትግ ፍላጻ ናይ ድያብሎስ ኢሉ ገሊጽዎ ዘሎ። ነዚ ኽኣ ብእምነት ጸኒዕና ኣብ ሓሳብና ቦታ ከይሃብና በቲ ቃል ጌርና

ክንከላኸል ከሎና ዋልታ እምነት ኣልዒልና ኣሎና ማለት እዩ። ዋልታ እምነት ንኣእምሮና ካብ እተመረዘ ኣጋንንታዊ ሓሳብ ይከላኸለሉ እዩ። ብዙሕ ጊዜ ሰባት ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ዝኽስርሉ ነገር እንተሎ ውግእ ምስ ተዋግኡ ዋላውን ምስ ተዓወቱ መከላኸሊ ኣይገብሩን እዮም። ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ደረጃ ኪሰጋገሩ ዚግብኦም በዚ ምኽንያት እዚ ከይወሰኹ ኣብ ሓደ ደረጃ ጥራይ ይኣርጉ። እዚ ኽኣ ብእምነት ስለ ዘይስጉሙ እዩ። ዋልታ እምነት ኣብ ዘይነልዕለሉ ጊዜ እንፍተነሉ ክፍሊ ህይወትና ሓሳብናን ስምዒትናን እዩ። ኣብ ሓሳብና እተደናገረ ካብ ኣምላኽ ዘይኰነ ሓሳባት ይመጸና፡ ኣብ ስምዒትና ኽኣ ኣይ ሓጕስ ኣይ ሓዘን ተለዋዋጢ ዝኾነ ኩነታት ይገጥመና። ኣብ ከምዚ ጊዜ ክንጥንቀቕ ኣሎና። ብእምነት ምንባር ከኣ ክንክእል ኣሎና።

መጽሓፍ ቅዱስ *"ግናኽ እቲ ጻድቕ ብእምነቱ ህያው ኰይኑ ኽነብር እዩ"* (ገላ 3፡11) ይብል። ኣብ ከምዚ ጊዜ ብስምዒት ዘይኰነስ ብእምነት ደው ክንብል ኣሎና። ኮሉ ዘጨንቕናን፡ ዝሀውኸናን ሓሳባት ዋልታ እምነት ምስ ኣልዓልና እዩ ዝጠፍኣልና። ነስተውዕል ኮሎም እቶም ናይ እምነት ኣቦታት፡ ጀጋኑ ምኻኖም እተመስከረሎም ብእምነቶም እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባኦም ክዛረብ ከሎ *"ንሳቶም ብእምነት ንመንግስታት ሰዓሩ፡ ጽድቂ ገበሩ፡ ነቲ ተሰፋ እተገብሮ ረኸቡ፡ ኣፍ ኣናብስ ዓጸዉ፡ ንሓይሊ ሓዊ ኣጥፍኡ፡ ካብ ሰሕለት ኣስያፍ ደሓኑ፡ ካብ ድኻም በርትዑ፡ ኣብ ውግእ ሓየሉ፡ ንሰራዊት ኣህዛብ ኣህደምዎም፡ (እብ 11፡33-34)* ይብል። ብእምነት ደው ምባል ሓደ ንድያብሎስ ንቃወመሉ ነገር እዩ። ስለዚ ብኹነታት ወይ ብስምዒት ከይተደረትና ዋልታ እምነት ብምልዓል ንድያብሎስ ንቃወም።

6. ናይ መንፈስ ሰይፊ ቃል ኣምላኽ ምሓዝ።

መጽሓፍ ቅዱስ *"ናይ መንፈስ ሰይፊውን ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሓዙ" (ኤፌ 6፡17)* ይብል። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ናይ መንፈስ ሰይፊ ዚብሎ ዘሎ ብግልጺ ንቓል ኣምላኽ እዩ። ቃል ኣምላኽ ናይ መንፈስ ሰይፊ እዩ። ኣብ ካልእውን *"ቃል ኣምላኽ ህያውን መሰለጥን እዩ እሞ፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ እዩ፡ ነፍስን መንፈስን፡ መፈላልዮ ኣካላትን ኣንጉዕን ክሳዕ ዚፈላሊ ዚሰጥም፡ ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ክኣ ዘፈርድ እዩ"* (እብ 4፡12) ይብል። ኣብዚ ቃል ኣምላኽ ከመይ በሊሕ ምኻኑን ኑቲ ክሳዕ ውሽጢ ኣካላት ምስጣሙን ከመልክት ደልዩ እዩ ብሰይፊ መሲልም ዘሎ። ንድያብሎስ ምቅዋም ክትክእል ከተልዕሎ ካብ ዚግብኣካ ኣጽዋር ሓደ ኸኣ እዚ ናይ መንፈስ ሰይፊ ዝኾነ ቃል ኣምላኽ እዩ።

ብቓል ኣምላኽ ክንቃወም ከሎና ድያብሎስ ንቓል ኣምላኽ ክቃወመሉ ዚኽእል ዓቕሚ የብሉን። ቃል ኣምላኽ ጽሑፍ እዩ እናበልና ኣንጻሩ ክንለዓል ከሎና ንኣሰራርሕኡን ሙሉ ውዲቱን መደቡን ዕላምኡን ኣፍሪስና፡ ቀጥዓ ኣምላኽ ከም ዚወርዶ ኢና ንገብሮ። ቃል ኣምላኽ ንድያብሎስ ከም ሓዊ እዩ ዚበልየ። ምኽንያቱ *"ቃለይደ ከም ሓውን ከምቲ ንኽውሒ ሓሸምሸም ዚብል ሞዶኻ ኣይኰነን"* (ኤር 23፡29) ዚብል ጽሑፍ ስለ ዝኾነ። እዚ ቃል እዚ እናተዛረብና ክንቃወም ኸሎና ድያብሎስ ካብና ይሃድም። ምኽንያቱ *"ንድያብሎስ ተጻረርዎ እሞ፡ ንሱ ካባኻትኩም ኪሃድም እዩ"* (ያእ 4፡7) ዚብል ጽሑፍ ስለ ዝኾነ። ስለዚ ናይ መንፈስ ሰይፊ ንሱ ኸኣ ቃል ኣምላኽ ንሓዝ።

7. ብመንፈስ ምጽላይ

ብመንፈስ ምጽላይ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ካብቶም ኣገደስቲ ነገራት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ብሾሉ ጸሎትን ልማኖን ኵሉ ሳዕ ብመንፈስ እናጸለኹም እሞ ምስናይ እዚውን ብኹሉ እናጸለኹም፡ ስለ ሾሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቐሑ" (ኤፌ 6፡18)* ይብል። ብመንፈስ ምጽላይ ንኽልተ ነገር እዩ ዘመልክት።

- ቀዳማይ - ብሓድሽ ልሳን ወይ ብቐንቂ ምጽላይ።
- ካልኣይ - ኣብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ ኣቲና ዋላውን ብኣእምሮ እንከሎና ብመንፈስ ቅዱስ እናተመራሕና፡ ኣብቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ ተዋሒጥና ክንጽሊ ከሎና እዩ ዘመልክት ዘሎ። ኣብቲ ቀዳማይ ብሓድሽ ልሳን ክንብል ከሎና፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊእና ብቐንቂታት እንጽልዮ ጸሎት እዩ። ብቐንቂታት ምጽላይ ዘድልየና ኽኣ፡-

1. ርእስና ንኽንሃንጽ ኣምላኽ ዝሃበና ውህበት ስለ ዝኾነ (1ቆሪ14፡4 ይሁ 20)።
2. ምስጢራት ብመንፈስ ምስ ኣምላኽ ኽንዛረበሉ ክንክእል ኣምላኽ ባዕሉ ብመንፈሱ ዝሃበና ስለ ዝኾነ እዩ (1ቆሪ14፡2, ግብ2፡14)።

ብመንፈስ እንጽልዮ ጸሎት ኩሉ ሳዕ፡ ጊዜን ቦታን ከይፈለና ብመንፈስ ምስ ኣምላኽ እንራኸበሉ ኩነት እዩ። ብመንፈስ ክንጽሊ ኽሎና፡-

ሀ. መንፈስ ቅዱስ ንሓሳብ መንፈስና ስለ ዝፈልጦ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ ጸሎት ከነቕርብ የኽእለና። *"መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይደግፎ እዩ። ከመይ ጌርና ኽንጽሊ ከም ዚግብኣና፡ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ስለዚ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እሀሀታ ዚልምነልና። እቲ ልቢ ዝምርምር፡ ንሱ ምእንቲ እቶም ቅዱሳን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ጌሩ ይልምን እዩ እሞ፡ ኖቲ ሓሳብ መንፈስውን እንታይ ምኻኑ ይፈልጦ እዩ"* (ሮሜ 8፡26-27)።

ለ. ኣብ ሓሳብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ተዋሒጥና፡ ኩለንትናና ብመንፈስ ኣምላኽ ተገዚኡ ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍላጥ ዝቐለለ መገዲ ንረክብ፡ ምኽንያቱ ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልየና ሓሳብ ስለ እንኣቱ፡ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ስሌና ዚተሓሰበ ዘበለ ኩሉ፡

በቲ ልቢ ዝምርምርን ንኹሉ ዝፈልጥን መንፈስ ይግለጸልና እሞ፡ በቲ ኣምላኽ ብመንፈሱ ዝገለጸልና ምስጢራት ነቲ ጸላኢ ኣባና ዝመደቦ፡ ንምፍራስን ንምቅዋምን ተኽእሎ ንረክብ። ኣብ ናይ ውልቂ ጊዜና ካብ ብኣእምሮ ምጽላይ ብመንፈስ ምጽላይ ዝዓበየ ኣድማዕነት ኣለዎ። ብመንፈስ ክንጽሊ ከሎና ድያብሎስ ካብቲ ዘሎናዮ ኣምላኻዊ ሓሳብ ኪኽልፈና ወይ ደማ ክቋርጸና ኣይክእልን እዩ። ምስጢራት ኣምላኽ ንምፍላጥ፡ ብጥበብ እተመርሐ ውግእ ንምክያድ፡ ብመንፈስ ምጽላይ እቲ ዝበለጸ መገዲ እዩ።

8. እናተጸመምካ ምምላይ

ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ክምዕዶም ከሎ *"ምስናይ እዚውን ብኽሉ እናተጸመምኩም፡ ስለ ኽሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቐሉ"* (ኤፌ 6፡18) ኢልዎም። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ትዕግስትን ምጽማምን እተን ቀንዲ ክንሕዝን ዘሎና ረቓሒታት እየን። ብፍላይ ኣብ ጸሎት ምጽማም እንተ ዘይብልና ነቲ ካብ ኣምላኽ እተመደበልና በረኸት ከይረኽብናዮ ክንተርፍ ይከኣል እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣብርሃም ከምዚ ይብል። *"ኣምላኽ ንኣብርሃም ተሰፋ ኽሀበ ኽሎ፡ ዚምሕለሉ ኻብኡ ዚዓቢ ስለ ዘይተረኽበ፡ ብሓቂ እናባረኸኩ ኽባርኽካን፡ እናብዛሕኩ ኽብዝሓካን እየ፡ ኢሉ ብርእሱ መሐለ። ከምኡ ኽኣ ብትዕግስቲ ተጸብዩ ነታ ተሰፋ ረኸባ"* (ዕብ 6፡13-15) ይብል። ኣብርሃም ነታ ኣምላኽ ዚሃቦ ተሰፋ ኽረኽባ ክዕገስ ኔርዎ። ብዘይ ምዕጋስ እተጋዮ ነገር እንተ ርኢና ግና ንእስማኤል ምውላድ እዩ። ሰይጣን ኣብ ባህርያት ደቂ ሰባት ጣልቃ ኣትዩ ዚጥቀመሎም ነገራት ሓደ ታህዋኽ እዩ። ታህዋኽ ብርእሱ መንፈሳዊ ውግእ እዩ።

ንድያብሎስ ምቅዋም መታን ክንክእል እምበኣር ምጽማም የድልየና። ጸልማት ክሰምዓና ኽሎ፡ መከራ ኪበዝሓና ኽሎ፡ ተስፋ ምቑራጽ ኪኸበና ኽሎ፡ ኣብራኽና ንጸሎት ምዕጻፍ ክኣብያና ኽለዋ፡ ሕጂውን ንጸመም፡ ከመይሲ ብድሕሪኡ ናይ ብርሃን መዓልታት ክም ዝኸውን ኣሚንና ጸሎትና ንቐጽል። ጸሎትና ዘይምለስ ክመስለና ኽሎ፡ ሰባት መኺርናዮምን ምዒድናዮምን ምስማዕ ኪኣብዩ ኽለዉ ሕጂውን እናተጸመምና

ንጸሊ። ንድያብሎስ ምቅዋም ከኣ ፈጺሙ ኣይከሸግረናን እዩ። ምኽንያቱ ንሱ ኣብ ዕላምኡም ንዚጸንዑ ሰባት ከነቓንቕም ኣይክእልን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ "መንፈስ ገዚኢ ኣብ ልዕሌኻ እንተ ተላዕለ፡ ትዕግስቲ ንዓቢ ኣበሳ ተሀድእ እያ እሞ፡ ሰፍራኻ ኣይትሕደግ" (መክ 10፡4) ይብል። ኣብ ካልእውን "ፍቓድ ኣምላኽ እናገበርኩም፡ ነታ ተሰፋ ምእንቲ ኽትረኽብዎስ፡ ትዕግስቲ የድልየኩም ኣሎ" (እብ 10፡36) ይብል።

ነስተውዕል ሰይጣን ንሰባት ብደጋዊ ተግባሮም ብዝረኣዮን፡ ብቓላቶም ክዛረብዎ ዚሰምየን ብኽኑታቶምን ብደጋዊ ነገራቶምን ብዜንጸባርቕዎ ደኣ እምበር፡ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ነገር ፈጺሙ ኺፈልጦ ኣይክእልን እዩ። ኮሉ ሳዕ ክፍትነና ኽሎ፡ ካብ ደጋዊ ኮነታትናን ብኣፍና ካብ እተዛረብናዮ ቃላትናን ተበጊሱ እዩ ዚፍትነና። ስለዚ ታህዋኽ ኪመጸና ኽሎ ንጸመምን ንተዓገስ፡ ካብ ምዕጋስና እተላዕለ ጥራይ ድያብሎስ ተሰፋ ቆሪጹ ሓዲጉና ኪኸይድ እዩ። ምስ እዚ ኽኑ ኽኣ ስለ ኽኑሎም ቅዱሳንን ስለ እቶም እነገልግሎም ሰባትን ተጸሚምና ኮኑ እዋን ንጸሊ።

ምምላድ ኣብ ክንዲ ካልኦት ኼንና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ምባል፡ ስለ ካልኦት ምልማን፡ ገጽ ኣምላኽ ምድላይ፡ ኣብ ክንዲ ካልኦት ምውጋእ፡ ዘጠቓለለ ጸሎት እዩ። ኣብዚ ኣጸቢቕና ክንርድኦ ዘሎና መጽሓፍ ቅዱስ ኣማላዲ (intercessor) ዚብሎ ነቶም ኣምላኽ ኣብ ቤቱ ሓለውቲ ጌሩ ዜቒሞም ሰባት እዩ። እዚኣቶም ከኣ ኣብ ዝሰዕብ ጥቕስታት ኣንቢብና ክንርድኦ ንኽእል (ሮሜ 8፡27, እብ 7፡25, ኢሳ 62፡6-7)። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ከምዚ ክንገብር ከሎና ናይ ድያብሎስ ኣድህቦ ኣብ ምድንጋር ኢና ነእትዎ።

ነህምያ ነቶም ኣብ ህንጻ ቤተ መቕደስ ዚዓዩ ዝነበሩ ኽበርቴን ሹማምንትን ኮኑ ህዝብን "ኣብ ቅድሚኣም ኣይትፍርሁ፡ ነቲ ዓብይን መፍርህን ጐይታ ዘክሩ፡ ስለ ኣሕዋትኩምን ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኣንስትኹምን ኣባይትኹምን ተዋግኡ፡ በልክዎም። ኩነ ኽኣ፡ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሮም እቶም ሓሸክረይ ፍርቆም ነቲ ዕዮ ይዓዩ ነበሩ፡ ፍርቆም ድማ ኩናውትን ዋላቱን ቀስትታትን ድርዕታትን ሓዙ። እቶም ኣብ መካበብያ ዘነድቁን እቶም ተሰከምትን

መሰከምትን ብሓደ ኢደም ዕዮ ይዓዩ፡ ብሓደ ኢደም ክኣ ኣጽዋር ሒዞም ነበሩ። እቶም ነደቕቲ ደማ ነፍሲ ወከፍ ሴቃ ኣብ ሕጅኡ ተዓጢቑ ይነድቕ ነበረ" (ነህ 4፡14, 16-17) ይብል። ከነማልድ ከሎና ስለ እቶም ኣብ ሽግር ዘለዉ ኣሕዋትና ኽኣ ክንዋጋእ ኣሎና።

ነህምያ ስለ ኣሕዋትኩምን ኣወዳትኩምን እናበለ እዩ ሓደራ ሂብዎም። ኣምላኽ ኣብዚ ዘበን እዚውን ከምዚ ዝበሉ ኣማለድቲ ኣብ ክንዲ ካልኦት ኣበርቲያም ዚዋግኡ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት እተመደበ ሓሳብ ኢጋንንቲ ዜፍርሱ፡ ንሃገር፡ ንቤተሰብ፡ ንውሉድ፡ ንሓው፡ ንኹሉ ህዝቢ ነቒሑም ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ዘግልዱ ተዋጋእቲ ሰባት ይደሊ። እዚ ጸጋ ስለ ዘሎና ክንገብሮ፡ ወይ ኣብ ካልእ ኣገልግሎት ስለ ዘሎና ሽለል ኢልና ክንሓልፎ ጌጋ እዩ። ካልእ ዝዓይነቱ ኣገልግሎት እናገልገልናውን ክንገብሮ ንኽእል ኢና።

ኣሰተንትን

"ድምጸይን ምህልላይን ሰሚው እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኤፍቅሮ እየ። እዝኡ ናባይ ኣድኒኡ እዩ እሞ፡ ዘለን መዓልትታተይ ናብኡ ኽምህለል እየ" (መዝ 116፡1-2)።

ብእምነት ከምዚ ኢልካ ጸሊ

ዎ ኣምላኽ ጸሎት እትሰምዕ ኣምላኽ ኢኻ እሞ፡ ስለ እትሰምዓኒ ተመስገን። ሕጂ ኽኣ ስለ ቤትካን ስለ እቶም ኣብ ሽግር ዘለዉን ምጽላይ ከተኽእለኒ፡ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ክትህበኒ እሞ፡ እተሰወረ ነገር ክትገልጸለይ፡ እንታይ ክገብር ከም ዚግብኣንን ስለ መን ክጽሊ ከም ዘሎንን ንሲኻ ክትመርሓኒ እልምነካ ኣሎኽ። ናብታ ብደም ወድኻ የሱስ ክርስቶስ ዘጥረኻያ ማሕበር ጸላኢ ዚኣትወሉ መገዲ ይተዓጸ። ጽድቅኻን ክብርኻን ከኣ ኣብዛ ማሕበር ብሓይሊ ይግዛእ። ስለ ዝሰማዕካኒ ተመስገን።

3ይ ክፋል
ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ክንፈልጦ ዘለሞና

ፍልጠት ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኻኑ ከነስተውዕል እፈቱ። መጽሓፍ ቅዱስ "ንፍሲ ብዘይ ፍልጠት ምኻና ጽቡቕ ኣይኰነን" (ምሳ 19:2) ይብል። እዚ ማለት፡- ሰብ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞ ብዘይ ፍልጠት ክመላለስ ሰናይ ኣይኰነን ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ደጋጊሙ ብዛዕባ ፍልጠት ኣነጺሩ ይምህረና። የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ክጽሊ ኸሎ "ንቲ ዘለኻኸዮ ወድኻ ኸፈልጡ እዚኦ ናይ ዘልኣለም ህይወት እዩ" (ዮሃ 17:3) ኢሉ ኣሎ። መንነትካን ብክርስቶስ እተዋህበካ ስልጣንን ስፍራን ኣጸቢቕካ ምፍላጥ እቲ ኣዚዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ስለዚ ካብዚ ቀጺልና ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ክንፈልጦ ዘሎና ነገር ክንርኢ ኢና።

1.ብክርስቶስ እተዋህበና ስልጣን

ጐይታና የሱስ ነቶም ሰብዓ ልኡኻቱ ጸብጻብ ኣገልግሎቶም ምስ ነገርዎ፡ ከምዚ በሎም። "ሰይጣን ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ኪወድቕ ከሎ ርኤኽዎ። እንሆ፡ ተመንን ዕንቅርቢትን ዘሱ ሓይሊ ጸላእን ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም ኣሎኹ፡ ዝጐድኣኩም ከኣ የልቦን" (ሉቃ 10:18-19) ይብል። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ብክርስቶስ እተዋህበና ስልጣንን ቦታን ክንፈልጦ ኣሎና። ኣብዚ ሓሳብ እዚ፡ ሰይጣን ካብ ሰማይ ከም ዝወደቐ ብግሉጽ ንርኢ ኣሎና። ንሰብ ግና ኣምላኽ በቲ ንኣብርሃም ዝኣተወሉ ኪዳን፡ ብክርስቶስ ጌሩ ካብ ውድቀት ኣተንሲእዎ እዩ። ምኽንያቱ "እምበኣርሲ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ደኣ ኣልዓሎ እምበር ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን" (እብ 2:14-16) ዚብል ጽሑፍ ስለ ዝኾነ።

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እቲ ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን ዚብል ዘሎ፡ ነቶም ዝወደቑ ሕጂ ናይ ሰይጣን ኣገልገልቲ ኰይኖም ዘለዉ ርኹሳት መላእኽቲ እዩ ዘመልክት። ኣምላኽ መጀመርታ ንሰብ ቅድሚ ምፍጣሩ ብመላእኽቲ እዩ ዚምለኽ ኔሩ። ሰይጣንውን ሓደ ካብቶም ንኣምላኽ ዘምልኹ ዝነበሩ

መላእኽቲ እዩ ኔሩ። ሰይጣን ብትዕቢት ኣንጻር ኣምላኽ ምስ ተንሰኣ ግና ካብ ዝነበሮ ሓላፍነት ተደርበየ። ኣብ ሓደ እዋን ድማ ኣምላኽ ንኽብሩ ዚኽውንን ዘምልኾን ሰብ ፈጠረ። ግናኽ ሰብውን ኑቲ እተፈጥረሉ ዕላማ ክነብር ስለ ዘይከኣለ፡ ከም ኣምላኽ ክኸውን ብምድላዩ ካብቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ቦታን ስልጣንን ወደቐ። እዚኣቶም ክልቲኦም ንኽብሪ ኣምላኽ እተፈጥሩ ክንሶም ክልቲኦም ወደቑ። ኣምላኽ ግና ንሰብ ከምታ ዝሃቦ ተስፋ ንወዱ ንየሱስ ክርስቶስ ኣሕሊፉ ብምሃብ ካብ ውድቀቱ ኣልዓሎ። ስለዚ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ደኣ ኣልዓሎ እምበር ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን ማለት ኑቶም ዚኣመኑ ደኣ ኣልዓሎም እምበር ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን ማለት እዩ። ንሰብ ማለት ኑቲ ዚኣመነ ምስ ኣልዓሎ ኽኣ ኣብ ሰማይ ምስ ክርስቶስ ኣቐመጠ (ኤፌ2፡6-7, ቈሎ3፡1-2)። ኣድራሻ መንፈሳዊ ሰብ ከኣ ኣብ ሰማይ ምስ ክርስቶስ ኩነ።

እምበኣር ብዛዕባ ስልጣንና ኣጸቢቐና ክንፈልጥ ኣዘዩ ኣገዳሲ እዩ። ጐይታና የሱስ ኸሉ *"ሓይሊ ጸላኢ ክትረግጹ ሰልጣን ሂበኩም ኣለኹ። ዚጐድኣኩም ክኣ የልቦን"* (ሉቃ10፡19) ኢሉ ኣሎ። ኸሉ ሓይሊ ጸላኢ ክትረግጹ ማለት ንኽሉ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ክትመልኩ፡ ክትገዝኡ፡ ማለት እዩ። ስለዚ ብክርስቶስ እተዋህበና ስፍራን ስልጣንን ኣጸቢቐና ምፍለጥ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኸሉ ጉዕዞ ህይወትና ብጐደና ዓወት ክንመላለስ እዩ ዝገብረና።

2. ካብ ክፉእ ዘበለ ምጥንቃቕ

ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ሓደ ክንፈልጦ ዘሎና ነገር ካብ ክፉእ ዘበለ ምርሓቕ እዩ። ዘሕፍር ነገር ከሎና ምስ ጸላኢ ክንገጥም ኢልና ምውጻእ ዕሽነት እዩ። ሰይጣን ኸሉ ጊዜ ንሰባት ንምጥቃዕ ዚጥቀመሉ ሜላ ሓጢኣት እዩ። ገለ ኣመንቲ ሓጢኣት ፈጺሞም ከይተነስሑን ኣብ ቅድሚ ጐይታ ከይተጣዕሱን ምስ ኣጋንንቲ ይዋግኡ። ኣብ ዝኸኑ ዓይነት ሓጢኣት እንከሎና ናብ መንፈሳዊ ውግእ ምእታው ጌጋ እዩ።

ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ካብ ኸሉ ርኽሰትን ሓጢኣትን ዕብዳንን ርእስና ክንሕሉ ይግባእ። ኣብ ሓሶት ዚሓብር ሰብ ንሓሳዊ ኣይትሓሱ ክብሎ ኣይክእልን እዩ። ንሕና ኽኣ ነቲ

ናይ ሓሶት ኣቦ ዝኾነ ድያብሎስ ኢና ንቃወም ዘሎና። ብዙሓት ሰባት ንምኽንያት ኪብሉ ወይ ድማ ካብ ገለ ጸገም ንምምላጥ ይሕስዉ። ከም ውጽኢቱ ኽኣ ኣብ መንፈሳዊ ህይወቶም ዓወት ኰነ ዕብየት፡ ለውጢ ኾነ ምስግጋር ዘይብሉ ናብራ ይነብሩ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ንጸላእትኻ ኽትወግእ ወጺእካ ምስ እትሰፍር፡ ካብ ክፉእ ዘበለ ዅሉ ተጠንቀቕ። እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ምእንቲ ኽድሕነካን ንጸላእትኻ ኣብ ኢደኻ ኽህበካን፡ ብማእከል ሰፈርካ ኺሓልፍ እዩ እሞ፡ ገለ ዜሕፍር ነገር ከይርእየልካ፡ ገጹ ኽኣ ካባኻ ኽይመልስ፡ እቲ ሰፈርካ ቅዱስ ይኹን"* (ዘዳ 23፡9,14) ይብል። ዘሕፍር ነገር ከይርእየልካ ማለት ገለ ንእኡ ባህ ዘየብል ሓጢኣት ከይረኽበልካ ተጠንቀቕ ማለቱ እዩ። ደቂ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ጸላእቶም ኪሰዓሩ ካብ ዚገበሮም ረኺሒታት ሓደ ሓጢኣት እዩ። ሓጢኣት ገጽ እግዚኣብሄር ምሳና ከይከውን ዚኽልክል፡ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ዚበትኽ'ዩ። መንፈሳዊ ውግእ ቅድሚ ምጅማርና እምበኣር ቅድም በደልናን ሓጥያትናን ክንናዘዝ ኣሎና።

3. ሓይሊ ስም የሱስ ምፍላጥ

ካብቶም ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ክንፈልጦም ዝግብኡና ረኺሒታት ሓደ ኽኣ ስም የሱስ እዩ። ስም ኩሉ ጊዜ ምስኡ ሒዝዎ ዝኾይድ ትርጉምን ዝውክሎ ነገርን ኣለዎ። ስም ንስልጣን፡ ንባህርያት፡ ንመዓርግ፡ ንግርማ፡ ንንግስነት፡ ንኽብሪ፡ ንሓይሊ፡ ንኽእለት ወይ ንመንፈዓት ይውክል። ስም የሱስ ከኣ ዝውክሎ ነገር ስለ ዘለዎ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ነቲ ዝውክሎ ነገር ፈሊጥና ክንጥቀመሉ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ንጸላኢ ንዋግኣሉ ስም ከኣ እዚ ስም እዚ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ብስመይ ኣጋንንቲ ክውጽኡ እዮም"* (ማር 16፡17) ይብለና። ኣብ ካልእውን *"ስም እግዚኣብሄር ጽኑዕ ግንቢ እዩ፡ ጻድቕ ናብኡ ጐይዩ የዕሞብ"* (ምሳ 18፡10) ይብል። ኣብዚ እቲ ቕንዲ ክነስተብህለሉ ዘሎና ናይቲ ስም ስልጣን እዩ።

ስም የሱስ መለኮታዊ ዝኾነ ስልጣን ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብዚ ጽሑፍ እንተ ኣስተብሂልና፡ እቶም ኣጋንንቲ ካብ ናይቲ ስም ስልጣን እተላዕለ እዮም ዝወጹ ዘለዉ። እቲ ንሕና

ንዋግኣሉ ዘሎና ስም ከኣ እዚ ስም እዚ እዩ። ኮሉ ጊዜ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ነዚ ስም እዚ ክንጽውዮ እንከሎና ብምርዳእ ክንጽውዮ ኣሎና። ስልጣን ናይቲ ስም ብመንፈሳዊ ምርዳእ እንተ ጸዊዕናዮ ኽእ ኣብቲ ዝጸዋዕናሉ ነገር ሓድሽ ለውጢ ክርኢ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ስም የሱስ፦

1. ካብ ኮሉ ዝዓበየ ምኻኑ (ፊሊ2፡10-11)
2. ካብ ናይ መላእኽቲ ስም ከም ዚበልጽ (እብ1፡4)
3. ኢጋንንቲ ከነውጽኣሉ እተዋህበና ስም ምኻኑ (ማር16፡17)
4. ንኽንድሕነሉ እተዋህበና ስም ምኻኑ ኣነጺሩ ይነግረና። (ግብ 4፡12 ምሳ18፡10)

እዚ ስም እዚ እምበኣር ከምቲ ቃሉ ዚብሎ ክንጥቀመሉ ኣድላዪ እዩ። እዚ ስም እዚ ካብ ኮሉ ዝዓበየ መጸግዒ፡ መድሓኒ፡ ርስቲ ክኾነና ዝኽእልን ኣብ ልዕሊ ኢጋንንቲ ኽእ ስልጣንን ሓይልን ዘሎዎ ስም እዩ። እዚ ኽእ ኣምላኽ፡ ካብ ዝስመ ዘበለ ስም ልዕል ዝበለ ስም ስለ ዝገበሮ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ክዛረብ ከሎ *"ነቶም ዚኣምኑ ኽእ እዚ ተኣምራት እዚ ክስዕቦም እዩ፡ ብስመይ ኢጋንንቲ ኽውጽኡ ብሓድሽ ልሳን ክኣ ኪዛረቡ.... እዮም" (ማር16፡16-17)* ይብል። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ሰይጣን ካብ ዚሓዞ ቦታን ክባብን ንምልቃቕ በዚ ስም እዚ ክንጥቀም እዩ መምርሒ ተዋሂቡና ዘሎ። ጐይታ ብስመይ ኢጋንንቲ ከውጽኡ እዮም እንተ ኢሉና፡ በዚ ስም እዚ ክብርን ሓይልን ናይ ጐይታና የሱስ ክም ዝግለጽ እዩ ዘረድኣና። ስም ብሓፈሻ ንመጸውዒ ንጥቀመሉ እኳ እንተ ኾነ፡ ክምቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ፡ ስም የሱስ መጸውዒ ጥራይ ዘይኮነ ካብኡ ሕልፍ ኢሉ ዝውክሎ ነገር ኣለዎ። ንሱ ድማ ቀጺልና ክንርእዮ እፈቱ።

ሀ. ስም የሱስ ንሰልጣኑ ይውክል።

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንደቀ-መዛሙርቱ ብዛዕባ ናብ መንግስተ ሰማይ ዚኣትዉሉ መምርሒ ኪገልጸሎም ከሎ፡ ቄልዓ ኣብ ማእከሎም ኣምጺኡ፡ እንተ ዘይተመለስኩምን ኽምዚ ቄልዓ እዚ እንተ ዘይኬንኩምን ኣብ መንግስቲ ሰማይ ክም ዘይትኣትዉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ንኽምዚ ዝበለ ቄልዓ ብስመይ ዚቕበል፡ ንኣይ ይቕበል (ማቴ 18፡1-5) ኢልዎም

ኣሎ። እዚ ኽኣ ከምቲ ንቔልዓ ጽሩይ፡ ክፍኣት ዘይብሉ ልቢ ዘለዎ፡ ንሕና ኽኣ ከምኡ ተጕላባ ዘይብሉ ንጹህ ልቢ ሒዝና ክንቀርብ ከም ዘሎና እዩ ዝምህረና። ከምዚ ክንገብር እንከሎና ኽኣ ነቶም ኣምላኽ ዝለኣኾም ብንጹህን ክፍኣት ብዘይብሉ ልብን ክንቅበል ንኽእል። ንኣታቶም ምቕባልና ኽኣ ንሰልጣኑ ንቕበል ኣሎና ማለት እዩ። ኣብ ካልእ ቦታውን ብስመይ እናበለ ዝተሳረበሉ ጽሑፍ ንሰልጣኑ ዚውክል ኣሎ። ንኣብነት *"ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኽሉ ኽገብረልኩም እየ ብስመይ ገለ እንተ ለመንኩም ክገብረልኩም እየ"* (ዮሃ14፡13-14) እናበለ ስሙ ንሰልጣኑ ዝውክል ዓብዪ ስም ምኻኑ ኣነጺሩ ይነግረና።

ለ. ስም የሱስ ንሓይሉ ይውክል።

መጽሓፍ ቅዱስ "እቶም ሰብዓ ልኡኻት ከኣ፡ ጐይታይ፡ ኣጋንንቲ ድማ ብስምካ ይግዝኡና ኣለዉ፡ እናበሉ ብሓጐስ ተመልሱ" (ሉቃ10፡17) ይብል። ኣብዚ እዞም ልኡኻት፡ ኣጋንንቲ ብስምካ ይግዝኡና ኣለዉ ክብሉ ኽለዉ፡ ከግዝእሎም ዘኽኣሎም ቀንዲ ምኽንያት ካብ ሓይሊ እቲ ስም ዝተላዕለ እዩ። በቲ ሓይሊ ዘለዎ፡ ነገራት ዝልውጥ፡ ንሕማም ዘሕዊ ስም የሱስ፡ እዮም ተገዚኦምሎም።

መጽሓፍ ቅዱስ "ብስሙ ምእማን ከኣ፡ ስሙ ነዚ እትርኢይዎን እትፈልጥዎን ሰብኣይ ኣጽንዖ፡ እታ ብእኡ ምእማን ድማ ነዚ ኣብ ቅድሚ ኵላትኩም ምሉእ ጥዕና ሃቦቶ" (ግብ 3፡16)፡ እናበለ ኣብ ስም የሱስ ፍሉይ ሓይሊ ከም ዘሎ ይገልጽ። እዚ ኽኣ ጥዕና፡ ፈውሲ፡ ምድሓን፡ ምኻኑ እዩ። ኣብ ካልእውን *"ብስም እቲ ንሰቕትኩም ዝሰቐልኩምዎ እም ኣምላኽ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ፡ ብእኡ እዚ ኣብ ቅድሚኹም ጥዕዩ ደው ኢሉ ኽም ዘሎ፡ ኣብ ኵላትኩምን ኣብ ህዝቢ እስራኤልን ይፈለጥ"* (ግብ 4፡10) እናበለ ኣብ ስም የሱስ ንዘሎ ሓይሊ ኣጸቢቑ ይገልጽ። ነዚ ስም እዚ ብመንፈሳዊ ፍልጠትን ምርዳእን እንተ ተጠቒምናሉ ሎሚውን ይሰርሕዩ ኣይተለወጠን።

ስም የሱስ ክርስቶስ ካብ ኵሉ ዚስመ ዘበለ ስም ዝለዓለ ስም ስለ ዝኾነ ኵሉ ብርኪ ንእኡ ይንብርከኽ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ስለዚ ኽእ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኵሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኽምብርከኽ፡ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምኻኑ ኽእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ኵሉ ልዕል ዘበሎ፡ ካብ ኵሉ ስም ልዕል ዘበለ ስምውን ዝሃቦ" (ፊል2፡9-11)* ይብል። ስም የሱስ ክርስቶስ ካብ ኵሉ ልዕል ዘበለ ስም ምኻኑ እምበኣር ካብዚ ጽሑፍ እዚ ኢና ክንመሃር ንኽእል። እዚ ኽእ ኣምላኽ ካብ ላዕሊ ከምኡ ኪኽውን ስለ ዝኣዘዘ እዩ። ነዚ ስም እዚ ዘይምብርኪኽ ሓይሊ የለን። ዝሓመሙ ከጋጥሙና ኽለዉ ስም የሱስ ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ከመይ ዝበለ ሓይሊ ከም ዘለዎ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። *"ኣብ ማእከልኩምኸ ዝሓመመደ ኣሎ፧ ንሽማግለታት ማሕበር ይጸውዕ፡ ንሳቶም ከኣ ብስም እግዚኣብሄር፡ ዘይቲ እናለኽይዎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ይጸልዩ። እታ ናይ እምነት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተድሕኖ እያ፡ ጐይታውን ከተንስኦ እዩ"* (ያእ 5፡14) ይብል። ስለዚ ሓይሊ ስሙ ፈሊጥና ክንጥቀመሉ ኣገዳሲ እዩ።

4ይ ክፋል
ሓይሊ ቃል ስልጣን

ኵሉ እንዛረቦ ቃላት ሓይሊ አለዎ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ እዩ፡ እቲ ዘፍቅራ ኽኣ ፍሪኣ ኺበልዕ እዩ"* (ምሳ 18፡21) ይብል። ካብዚ ቃል እዚ ብምብጋስ ካብ ኣፍና ዚወጽእ ቃል ሓይሊ አለዎ ክንብል ይክኣል እዩ። ስለ ዝኹነ ድማ ጐይታና የሱስ፡ ካብ ኣፍ ዚወጽእ ቃል ንሰብ ከም ዜርክስን ከም ዜጽድቕን ተዛሪቡ ኣሎ (ማቴ 15፡10-11)። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ኣብቲ ንሕና እንዛረቦ ቃል ሓይሊ ከም ዘሎ እዩ ዝገልጽ ዘሎ። መልሓስና ዚዛረቦ ቃል ሞት ወይ ድማ ህይወት ሒዙ እዩ ዚወጽእ። ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ከኣ ጸላእትና ንምብዳህን ንምስዓርን ክንጥቀመሉ እተዋህበና ሓደ ካብቶም ኣጽዋራት ቃል ኣምላኽ እዩ። ቃል ኣምላኽ ሓይሊ ዘለዎ ቃል እዩ።

ኣምላኽ ንሰማይን ምድርን ክፈጥር ከሎ ብሓይሊ ቃሉ እዩ ፈጢርዎ። ኣብ ምድሪ ንዘሎ ኾሉ ኽኣ *"ይኹን"* እናበለ ከም ዚፈጠሮ ካብ ዘፍጥረት ቀዳማይ ምዕራፍ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። " *ንሱ በለ፡ ኮነ ድማ፡ ንሱ ኣዘዘ፡ ቁመ ኽኣ*" (መዝ 33፡8-9) ዚብል ጽሑፍ ከም ዘሎ ኽኣ ንኾሉ ብሓይሊ ቃሉ ጸዊርዎ ኣሎ (እብ 1፡3)። ኣምላኽ ምድሪ ከይትነቓነቕ ብሓይሊ ቃሉ እዩ ኣጽኒዕዋ ዘሎ። ኣብ ምድሪ ካብ ዚተራእዩ ጽሑፋት ክሳዕ ሕጂ ሓይልን ስልጣንን ዘለዎ ቃል ኣምላኽና ጥራይ እዩ። ከይተመሳሰለ ዚዛረብ፡ ዚፖንሕን ዚግስጽን ናብ ፍልጠት ሓቂ ዚመርሕን ህያው ዚገብርን ቃል፡ ብዘይካ ቃል ኣምላኽ ካልእ ኣይተረኽበን። ኣምላኽ ከኣ፡ ነቶም ዳግም ተወሊድና መንፈስ ውልድነት እተቐበልና ዘበልና ኵላትና፡ ቃሉ ከም ሰይፊ ጌርና ኽንሕዞ፡ ከም ኣጽዋር ከነልዕሎ፡ ይእዝዘና እዩ። ብሓይሊ ቃሉ ኽንዋጋእ፡ ክንጸንዕ፡ ክንስረት፡ ንኣና፡ እቲ ቕዳማይን ግሉጽን ዝኹነ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ንነፍሲ ወከፍና ዝኸውን እተገልጸ ፍቓድ ኣምላኽ ዝሓዘ መጽሓፍ ምዃኑ ንጹር እዩ። ነዚ ብምስትብሃል ከኣ ነቲ ቃል ሒዝና ኣብቲ ቃል ደው ክንብል እንተ ኽኢልና ኣምላኽ ኾሉ ሳዕ ብቓሉ ናብ ዓወት እዩ ዚመርሓና። ኣብ

መንፈሳዊ ውግእ ቃል ኣምላኽ ብስልጣን ክንጥቀመሉ ኣሎና። ብስልጣን ክንጥቀመሉ ከሎና ኣብ ህይወትና ዅነ ኣብ ኣገልግሎትና ኪዓዩ ይኽእል እዩ። ነቶም ክፉኣት መናፍስቲ ብሓይሊ ቃል ስልጣን ኢና ክንዋግኦም እንኽእል።

እግዚኣብሄር ሓለፋ ዅሉ ንቕሉ ከም ዜዕቢ መጽሓፍ ቅዱስ ኣነጺሩ ይነግረና እዩ (መዝ 138፡2)። ብዛዕባ ቃሉ ኪዛረብ እንከሎ *"ቃለይዶ ከም ሓውን ከምቲ ንኽውሒ ሓሸምሸም ዘብል ሞዶሻን ኣይኰነን፥ ይብል እግዚኣብሄር"* (ኤር 23፡29) ይብል። ቃል ኣምላኽ ከም ሓዊ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ካብ ኣፍና ኺወጽእ ኽሎ ነቶም ዚቃወሙና ጸላእትና ኮሎም ከም ሓዊ እዩ ዝበልየም። ደው ኢሎም ክቃወሙና ክሳዕ ዘይክእሉ ድማ ይኹኑ። እቲ ካብ ኣፍና ዚወጽእ ቃል ኣምላኽ ኣብ ኣፍና ከም ሓዊ ስለ ዚኽውን፡ ኣብ ኵሉ ስርሒም ተጽዕኖ እናገበረሎም ይኽይድ። ካብቲ ተጽዕኖ እተላዕለ ኽኣ ስርሒም ኣቋሪጾም ሓዲጎምና ይኽዱ። *"ነቲ ዚዛረቡሉ ዝነበረ ጥበብን መንፈስን ግና ኪማኰትዎ ኣይተኻእሉምን" (ግብ 7፡10)* ዚብል ተጻሒፉ ከም ዘሎ፡ ነቲ ካብ ኣፍና ከም ሓዊ ኾይኑ ጥበብ ተመሊኡ ዝወጽእ ቃል ከኣ ከምኡ ክቃወምዎ ዘይክእሉ እዮም ዝኾኑ። ኢሳይያስ ክንበ ኽሎ *"ንኣፈይ ከም በሊሕ ሰይፊ ገበሮ፡ ኣብ ጾላል ኢዱ ኽኣ ሓብኣኒ፡ ሲሑል ፍላጻ ገበረኒ፡ ኣብ ጕልደባኡውን ኸወለኒ"* (ኢሳ 49፡2) ኢሉ ኣሎ። ካብ ኣፍና ዚወጽእ ቃል ስልጣን፡ ከም ሲሑል ፍላጻ እዩ። ብመንፈስ ተወርዊሩ ምስ ከደ ነቶም ናይ ጸልማት ሓይልታት ኪወቕየም ግድን እዩ። ነስተውዕል፡ *"ንኣፈይ ከም በሊሕ ሰይፊ ገበሮ"* ክብል ከሎ ንሕና ነቲ ቃል ብመንፈስ ትንቢት ኴንና ኺንዛረቦ ከሎና፡ እቲ እንዛረቦ ቃል፡ ከም ሰይፊ ኰይኑ እዩ ዚውሕጠም።

ንዘኽበበና ክፉእ ቃላት ምፍራስ

ካብ ኣፍ ሰብ ዚወጽእ ቃል ነቲ እተዘርቦ ሰብ ወይ ድማ ነቲ እተዛረበሉ ነገር ከምቲ እቲ ተዛራቢ እተዛረቦ ኰይኑ ይኽይድ እሞ፡ ነቲ ሰብ ወይ ነቲ እተዘርበሉ ነገር ከይዱ ይኽቦ። እዚ ማለት ንኽባቢ እቲ እተዘርበሉ ወይ ድማ ንኣተሓሳስባ ናይቲ ሰብ ይኽቦ ማለት እዩ። ብሓፈሻ ቃል

መዕለቢ ኣለዎ ማለትና እዩ። ዳዊት ነዚ ኣጸቢቑ ይርድኦ ስለ ዝነበረ ኣብ ቃላት ብዙሕ እዩ ዘድህብ ነይሩ። ጸላእቱ እተዛረብዎ ቃል ከኣ ብሽለልትነት ስቕ ኢሉ ኣየሕልፎን እዩ ነይሩ። *"ኣታ ኣምላኽ ምስጋናይ፡ ኣፍ ረሲእን ኣፍ ጥበራን ናባይ ተኸፊቶም፡ ብሓሳዊት መልሓስ ይዛረቡኒ፡ ብቓላት ጽልኢ ከቢቦምኒ፡ ብዘይ ምኽንያት ይዋግኡኒ ኣለዉ እሞ፡ ሰቕ ኣይትበል (መዝ 109፡1-3)* ኢሉ ክጽሊ ኸሎ ነስተብህል።

ኣብዚ ሓሳብ እዚ ዳዊት ጸላእቱ ብቓላት ጽልኢ ከም ዚኸበብዎ እሞ፡ ኣምላኽ ካብኡ ኸናግፎ ምጽላዩ ኢና ንርኢ። ሰባት ብዕላማ ናባኻ እተዛረብዎ ቃላት፡ ጽቡቕ ይኹን ክፉእ ይኸበካ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ከባቢኻ ይጸንሕ እሞ፡ ዕድል ምስ ረኸበ ኣብ ህይወትካ ኺፍጸም ይመጽእ ማለት እዩ። ዳዊት፡ ቃላት ጽልኢ ምስ ከበቦ ሓደ ነገር እዩ ጌሩ። ኑቲ ጽሑፍ ብምልኡ እንተ ደኣ ኣንቢብናዮ፡ ኑቲ ናብኡ እተወርወረ ቃላት ኣነጺሩ ምላኽ ይህብን የፍርሶን ነይሩ። መሊሱ ድማ ኑቲ ዝረገሞ ጸላኢ ክረግሞ ከሎ ንርኢ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ኾሉ ኢሉ ምስ ወድኣ *"እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ናይ ተጻረርተይን ናይቶም ኣብ ነፍሰይ ክፉእ ዚዛረቡን ፍዳ ይኹን"* (መዝ 109፡20) ክብል ከሎ ነንብብ።

ዳዊት፡ ነቶም ኣብ ነፍሱ ክፉእ ዚዛረቡ ስቕ ኢሉ ኣይሰምየምን። ኑቲ ዚዘርእዎ ቃላቶም ኣፍሪሱ ንነፍሱ ኣብ እግዚኣብሄር እዩ ኣማዕቑቡዋ (መዝ 109፡26-28)። ቀጺሉ ድማ *"ተጻረርተይ ውርደት ይክደኑ፡ ንነውሮም ከኣ ከም ነጸላ ይወንዘፍዎ" (መዝ 109፡29)* ክብል ከሎ ንርኢ። ሎሚ ኸኣ ንኣና ካብቶም እኩያት ጸላእትና ናይ ጸልማት ሓይልታትን ሰልጣናትን ሕልቅነትን ከምዚ ዝበለ ናይ ጽልኢ፡ ናይ መርገም ቃላት ይዝረበልናን ይዝርኣልናን እዩ። እዚ በቶም ፈትዮም ንሰይጣን ከገልግሉ እተመደቡ ሰባት፡ ደገምቲ ድግምቲ፡ ጠንቆልቲ፡ ኣስማተኛታት፡ ደባትርን ብዝተፈላለዩ ሰይጣን ዚጥቀመሎም ውልቀ ሰባትን ዚዝረብ ቃላት ማለት እዩ። እዚ ክፉእ ዝኸሎ ቃላቶም ናባና ኹነ ናብ ዅነታትና ምስ ተዛረብዎ መጺኡ ይኸበና። ነዚ ቃላት እዚ እምበኣር ሱር ኸይሰደደ ኸሎ ከነፍርሶ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ልዕሌና እተዛረብዎ ናይ ፍርዲ ይኹን ናይ መርገም፡ ንባእሲ፡ ንጽልኢ፡

ንምፍልላይ፡ ንህልኽ፡ ንድኻም፡ ንብዕዛዙ፡ ንስሕተት፡ ንትዕቢት፡ ዚኸውን ቃላቶም ብስም የሱስ ከነፍርሶ አሎና።

መጽሓፍ ቅዱስ "ምኽሪ መደቡ ክዘርዘር እዩ፡ ቃል ተዛረቡ ሓይክቑውምን እዩ" (ኢሳ 8፡10) ከም ዝብል። ከምኡ ኽአ ንሕና ነቲ ኣባና እተዛረብዎ ቃላቶም በቲ ኣብ ኣምላኽ ተኣሚንና እንዛረቦ ቃላት ከም ዘይቀውም ክንገብሮ ይከኣል እዩ። ምስናይ እዚ ኽአ ንርእስና ብቕል ኣምላኽ ክንከባ፡ ምሕረትን ሳህልን እግዚኣብሄር ናብ ህይወትና ክንጽውዕ ኣሎና። እቲ ንሓለዋ ዚኸውን ቃል *መታን* ክንክብብ ከኣ ነቲ ቃል ክንዛረቦ ኣሎና። *"ብቕላት ጽልኢ ይኽቡኒ"* ዚብል ቃል፡ ኣብቲ ናይ እብራይስጥ "ሳባብ" (sabab)[1] እዩ ዚብሎ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ከባቢኻ ዚኸይድ፡ ኣንፈትካ ዜስሕት፡ ዚቐጽረካ፡ ንድሕሪት ዚመልሰካ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ዚዓጽወካ፡ ኣብ ኩሉ ወገንካን ዝነታትካን ዚኸበካ፡ ካብ ዘሎኻዮ ዜሳድደካ ዚብል ትርጉም እዩ ሓዙ ዘሎ። ስለዚ እቲ ብጸላኢ እተዘርበ ቃላት ከምዚ ጌሩ እዩ ዚኸበካን ኣብ ሓደ ዕጹው ዓንኬል ዜእትወካን ማለት እዩ።

እዚ ኣብ ጽቡቕ መንፈሳዊ ህይወት ከሎና ከይገሃድን ከይንርእዮውን ይከኣል እዩ። ተስፋ ኣብ ዝቕረጽናሉ፡ ካብ እምነት ምስ ጐደልና፡ ኣብ ገለ ናይ ምጉርምራም ህይወት ምስ ኣቶና ግና ዕድል ስለ ዚረክብ፡ ነቲ ዘነታት ተጠቒሙ ቀልጢፉ ኣብ ህይወትና ኪግሃድ ይደሊ። ሽዑ ዘይንፈልጦ ባህሪ ኣብ ህይወትና ኪምዕብል ይጅምር፡ ሕማቕ ልምዲ ነጥሪ፡ ናብራና ይለዋወጥ፡ ዓቕልና ይጸበና፡ ቀሊል ነገር ክኽብደና ይጅምር። ኣብ ከምዚ ጊዜ ቀልጢፍና ናይ ስልጣን ስጉምቲ ምውላድ የድልየና። እዚ ማለት ብስም የሱስ ንጸላእትና እናገሰጽና፡ ካብ ከባቢና ኪርሕቁ ብስልጣን ክንእዝዝ ኣሎና። ነቲ ኣንጻርና እተዘርበ ንህይወትናን ንጊዜናን ንናብራናን ከቢብዎ ዘሎ ክፉእን ናይ መርገም ቃላትን ብኣዋጅ ከነፍርሶ ኣሎና። ከምቲ *"ምኽሪ መደቡ ክዘርዘር እዩ፡ ቃል ተዛረቡ ሓይክቑውምን እዩ"* (ኢሳ 8፡10) ዚብል ኣቐዲምና ዜንበብናዮ፡

[1] The Strongest Strong's. (Exhaustive concordance of the Bible revised and corrected by John R.Kohlenberger 3rd and James A. Swanson)

እናበልና ከነፍርሶ፡ ንህይወትና ኽኣ ካብ ምኽሪ ጸላእትናን ውዲቶምን ከነናግፉ ኣሎና።

ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ካብ ወለድና፡ ካብ ዝጸልኡና ሰባት፡ እተዘርበ፡ ዝሰማዕናዮ ኹነ ከይሰማዕናዮ ዝኸበበና ሓደገኛ ቃላት ይገሃድ እዩ። ሰይጣን፡ ብፍላይ ንገለ ብዙሕ መንፈሳዊ ውግእ ዚዋግኡ ሰባት፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ስሞም ከም ዚምረር ይገብሮ፡ ኣብ ኦሉ ሰብ ተቐባልነት ከይህልዎም ቃላት ጽልኢ ይዘርኣሎም። ሽዑ ነቲ ቃል ስለ ዘየፍርስዎ ኣብ ሽግር ይወድቁ። ምስ ሰባት ይተሃላለኹ። ነገራቶም እናበኣሰ ምስ ከደ ኽኣ፡ ቀስ ብቐስ ነቲ ዚነብሮም ሰናይ ሕልና ብኽፉእ ኣልሚሱ ተራ ሰባትን፡ ነቐፍትን ተቓወምትን ዘይእዙዛትን እምነት ዘይብሎምን ይገብሮም። እዞም ሰባት እዚኣቶም ኦሉ ገዲፎም ነቲ ዝኸበቦም ቃላት ማለት ቃላት ጽልኢ፡ ሕሜት፡ ሞገስ ምስኣን፡ ዕድል ዘኽፍእ፡ ናይ መርገም ቃላት ኦሉ ብስም የሱስ፡ ቃል ኣምላኽ እናጠቐሱ ኬፍርስዎን ኪብትንዎን ኣለዎም። ንህይወቶም ከኣ ብሰላም ኣምላኽን ምሕረቱን ኪቐጽርዋ ኣለዎም። ንሕናውን ከምዚ ዝበለ ኦነታት ኼጋጥመና ኽሎ መጀመርታ ነዚ ከነፍርስ ኣሎና።

ዳዊት ክዝምር ከሎ *"ንሰኻ ኽውለይ ኢኻ፡ ካብ ጸበባ ትሕልወኒ፡ ብእልልታ ምድሓን ትኽበኒ"* (መዝ 32፡7) ኢሉ። ዳዊት ኣብዚ ሓሳብ እዚ ኣምላኽ ብእልልታን ብምድሓንን ከም ዚኽበቦ እዩ ዚዛረብ ዘሎ። እዚ ኽኣ ንህይወትና ዚኽብብ ነገር ከም ዘሎ እዩ ዘረድኣና። ህይወትና ብቓላት ጽድቅን ዓወትን በረኽትን እንተ ተኽቢባ፡ እንሓስቦን እንዛረቦን ካብቲ ዝኽበበና ከም ዚምንፈ፡ ፍሉጥ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ብእልልታ ምድሓን ትኽበኒ"* ክብል ከሎ ሽግር፡ ፈተና፡ ዝተፈላለየ ውግእ ኣየጋጠሞን ኣይኸነን ዘሰምዕ፡ እዚ እቲ ቀንዲ ትርጉሙ ካብ ጎሂ፡ ካብ ሓዘን፡ ካብ ምረት ብእልልታ ትኽውለኒ ወይ ድማ ኣብ ምድሓንካ ትስውረኒ ማለት እዩ። ኣብ ካልእ ጽሑፍ *"ንቶም ዚፈርሁኻ ዚዓጅርካሎም፡ ንቶም ኣብኻ ዚምሕጹ፡ ኣብ ቅድሚ ደቂ ሰብ ዘዳለኻዮ ለውሃትካ ክንደይ ዓብዪ እዩ። ካብ ውዲት ሰብ ብመሰወርያ ገጽካ ትኽውሎም፡ ካብ ክርክር መልሓስ ኣብ ድንኳንካ ትሓብኣም" (መዝ 31፡19-20)* ይብል። *"ብመሰወርያ ገጽካ ትኽውሎም፡ ኣብ ድንኳንካ ትሓብኣም"*

ዚብላ ዘለዋ ቃላት ነስተብህለለን፡ መሰወርያ ማለት መሕብኢ፡ መኽወሊ፡ መጽለሊ፡ መጸግዒ፡ መከላኸሊ ማለት እዩ። ኣብ ድንኳንካ ትሓብኦም ዚብል ዘሎ ሓሳብ ድማ፡ ኣብ ድንኳንካ ተእትዎም፡ ትኽውሎም፡ ተድሕኖም፡ ተናግፎም፡ ማለት እዩ። ስለዚ ንህይወትና ካብ ዝኹነ ናይ ሰይጣን ክርክርን ሕማቕ ዘረባን ብመሰወሪ ወይ ድማ መኽወሊ ንሱ ኽኣ ቃል ኣምላኽ ጌርና ክንክልላ ይግብኣና።

ናይ መርገም ቃላት ክንቱ ኪኸውን ምእዛዝ።

ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ሰይጣን ንቕዱሳን ንምውቃዕ ዚጥቀመሉ ካልእ መስርሕውን ብቓል መርገም እዩ። ዳዊት ምስ ተጨነቐ ናብ ኣምላኽ ኼጽሊ ኽሎ፡ *"ምሉእ መዓልቲ ጸላእተይ የላግጹለይ፡ ተጻረርተይ ብስመይ ይረግሙ ኣለዉ"* (መዝ 102፡8) ይብል። ንዳዊት ኮሎም ጸላእቱ ብስሙ እናረገሙ እዮም ዘሸግርዎ ነይሮም። ዳዊት ግና ነቲ ብስሙ እተረግመ መርገም ኣብ ህይወቱ ክሳዕ ዚፍጸም ሰቕ ኢሉ ኣይረኣዮን። ሎሚ ኽኣ ንኣና ክምዚ ዝበለ ናይ መርገም ቃላት ናብ ልዕሌና ክፍኖ ዚክኣል እዩ። ግናኸ ንኽምዚ ዝበለ ናይ መርገም ቃላት ብስም የሱስ ክንሰብሮ ይግብኣና።

ኤርምያስ ኣብ ዘበኑ ሓደ እተሸገረሉ ሰይጣናዊ ውግእ ናይ መርገም ቃል እዩ ነይሩ። ኮሎም ተጻረርቱ ብቓላቶም ኪወቕዕዎ ተሰማሚየም ይመሓሓሉ ኔሮም። ኣብቲ ጽሑፍ ኤርምያስ ባዕሉ ክዛረብ ከሎ *"ንሳቶም ድማ፡ ሕጊ ኻብ ካህን፡ ምኽሪ ኻብ ጥበበኛ፡ ቃል ካብ ነብዪ ኣይስኣንን እዩ እሞ፡ ንዑ ንኤርምያስ ምኽሪ ንጣበቡ፡ ንዑ ብልሳንና ንውቅዓዮ፡ ንኾሉ ቓላቱ ድማ ግዱ ኣይንግበር፡ በሉ"* (ኤር 18፡18) ይብል። ነዚ ስምዕ እዚ ኤርምያስ ሰቕ ኢሉ ኣይረኣዮንን። መሊሱ ደኣ ጥርዓኑ ናብ ኣምላኽ ከቕርብ ጀመረ። *"ጐይታዩ ኣባይ ጾን በል፡ እዞም ተጻረርተይ ዚብልዎ ኽኣ ሰማዕ። ንነፍሰይ ጐድጒድ ኩዒቶምላ እዮም....."* (ኤር 18፡19-23) እናበለ ነቲ ንእኡ ኪወቕዕሉ ኢሎም እተዛረብዎ ቃል ኣቕዲሙ ከፍርሶ ኽሎን ረዲኤት ካብ ኣምላኽ ኪልምን እንከሎን ንርኢ። ንመውቃዕትና እተዘርበ ቃል ኣቕዲምና ከተፍርሶ እንተ ዘይክኢልና እቲ ቃል ወቒዑ ሓደጋ ከውርደልና ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ከይበጻሕና ክንወስዶ ዘሎና ስጉምቲ ፈሊጥና ነቲ ዝወቅዕ ቃል ክነፍርሶ ኣሎና።

ንኤርምያስ ተጻረርቱ ብቓላቶም እዮም ጉድጓድ ኮዒቶምሉ። ምኽንያቱ *"ንነፍሰይ ጉድጓድ ኩዒቶምላ እዮም"* እዩ ዚብል ዘሎ። እዚ ኽኣ *"ንው ንኤርምያስ ምኽሪ ንጣበበሉ፡ ንው ብልሳንና ንውቕዓዮ"* ክብሉ ይሰምየም ስለ ዘሎ እዩ። እቲ ንኤርምያስ ዚጣበብሉ ዝነበሩ ጥበብ እኩይን ሰይጣናዊ ምኽርን እዩ። ንሱ ኽኣ ብቓልቶም መታን ኪወቕዕዎ እዩ። ሎሚ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ማሕበራት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣገልገልቲ ሰይጣን ብግሁድ ዚጥቀመሉ ዘሎ ክፉእ ሜላ እዚ እዩ። ብዙሓት ሰባት ንሰይጣን ብስም የሱስ ክወቕው ዝቐለለ መገዲ ኽለዎም፡ ብእኩይ ምኽሪ ተለዓሊሎም ኣብ ልዕሊ ኣሕዋቶም ዚትንስኡ፡ ነቶም ብጐይታ ኣሕዋቶምን ካብ ምህዳን ዘይሓርፉ፡ ብህልኽን ብተንኰልን ተመሊኦም ብእኩይ ምኽሪ ተጣቢቦም ብቓላቶም ልቢ ኣገልገልቲ ዘጉህዩ፡ እዚ ምግባሮምውን ከም ጅግንነት ዚቖጽርዎ ውሑዳት ኣይኰኑን። ግናኸ ንኽምዚ ናይ መርገም ቃላት ክንቱ ክንገብሮ ብስም የሱስ ኣሲርና ኣብ ልዕሌና ክይፍጸም፡ ኣብ መገድና ክይረኽበና ቡቲ ኣምላኽ ዝሃበና ስልጣን ክንእዝዞ ይክኣል እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ንዝኽኑ ቃል መዕለቢ ክም ዘለዎ እዩ ዝነግረና። ኣምላኽ ኼነ ሰብ እተዛረቦ ዘበለ ኵሉ ቓላት *መዕለቢ* ኣለዎ፡ *"እግዚኣብሄር ናብ ያእቆብ ቃል ሰደደ፡ እዚውን ኣብ እስራኤል ወደቐ"* (ኢሳ 9፡8) ይብል። ካብ ኣፍ ኣምላኽ እተላእከ ቃል ኣብቲ ኣምላኽ ዚደለዮ እዩ ዚወድቕ። ክምኡ ኽኣ ንሕና እቲ ኣምላኽ ኣብ ልብና ብመንፈስ ቅዱስ ዝሃበና ቃል ኣብቲ ንሕና እተዛረብናሉን ኣብቲ ዝለኣኽናዮን እዩ ዚዓልብ። መብዛሕትኡ ጊዜ ሰብ ተስፋ ቆሪጹ ካብ ዕላምኡ ዚተርፍ ካብ ባዶ ተበጊሱ ኣይኰነን። እቲ ምኽንያት ገለ ሰይጣናዊ ሓሳብ ዚሓዘ ቃል ምስ ሰምዐ እዩ። ኣብ *መንፈሳዊ ውግእ* እቲ እንሰምዮ፡ እንዛረቦ ቃል ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዓብዪ ተራ ኣለዎ። እቲ እንሰምዮ ቃል ኣሉታዊ እንተ ኾይኑ ብኣሉታ ይጸልወና። ኣወንታዊ እንተ ኾይኑ ኽኣ ብኣወንታ ይባርኸና። ስለዚ ኣብ ልዕሌና እተዘርበ ቃል ሽለል ክንብሎ የብልናን። ነዚ ሓለፋ ክርስትያናት፡ ጠንቆልትን

ናይ ሰይጣን ኣገልገልትን ተረዲኦም ኪንብርዎ ኣስተውዒለ ኣለኹ። ስለ ዝኹነ ኽኣ ለይትን መዓልትን ካብ ምርጋም ኣየቋርጹን። ነዚ ግና ንሕና ኢና ተረዲእና ክንገብሮ ዝግብኣና።

ሓደ ጊዜ ንሓደ ርኹስ መንፈስ ዚሓዞ ሰብ ሰለስተ ኣሕዋት ኳንና ንጽልየሉ ነበርና። እናጸለናሉ ኸሎና ኽኣ ትኸስክስ ክንብል ጀመርና። ውግእ ከም ዘሎና እኳ እንተ ተረድኣና ከመይን እንታይ ከም እንገብር ግና ዘስተውዓለ ሰብ ኣይነበረናን። ኣጸቢቕና ደኽምና እሞ፡ ኣብ ድኻምና ኸሎና እቲ ርኹስ መንፈስ ዘለዎ ሰብ *"ጸሎቶም ኣይሰማዕ ይብሉ'ለዉ"* እናበለ ኣጋንንታዊ ትንቢት ክንበ ጀመረ። ነዚ ኽብል ምስ ሰማዕክዎ ብሰንባድ ብድድ ኢለ ናይ መርገም መንፈስ እናበልኩ ክገንሕ ጀመርኩ። እቶም ኣሕዋትውን ካብ ዘለውዎ ተንሲኦም ሓበሩኒ። ድሕሪ ውሑድ ደቓይቕ ክኣ እቲ መንፈስ ተወዊዑ ኬእዊ ጀመረ። ሓይሊ ቃል ኣምላኽ ክኣ ኣጸቢቑ ክርዳእ ጀመርኩ።

እቲ ዚወቅዕ ቃል ከመይ ዝበለ እዩ፣ ኣበየናይ ጊዜኽ እዩ ዝወቕዓና፣ ንዚብል ሓሳብ ገለ መብርሂ ንርእ። መጀመርታ እቲ ዚወቅዕ ቃል ንኣተሓሳስባና፡ ንሰናይ ሕሊናና፡ ንጽቡቕ ልማድና እዩ ዘጥፍእ ። እዚ ኽኣ ንዝነበረና ተሰፋ ኣጸልሚቱ ኣብ ዘይምእማንን ምጥርጣርን ክንወሓጥ ዝገብረና፡ ኣብ ኣምላኽ ዝነበረና ምትእምማን ኣጥፊኡ ብፍርሃት ክንወሓጥን ክንውቃዕን ዝገብረና ቃል እዩ። እዚ ብዝኹኑ ሰባት ይዘረበና ብዘየገድስ ኣብ ህይወትና ንዘምጽኦ ሳዕቤን ተረዲእና ክንቃወሞ ኣገዳሲ እዩ። ኣምላኽ ብዝኽፈተልና ደገ ኣገልግሎት እናኣገልገልና ወይ ድማ ኣብቲ ኣምላኽ ዚሃበና ተሰፋ ደው ኢልና እንከሎና፡ ካብቲ ዘሎናዮ ቦታ ኣገልግሎትን ናይ ተሰፋ ቦታናን ኪኣልየና ዚዝረበና ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ቃላት ኩሉ ክንቅበሎ የብልናን። እዚ ኽምዚ ዝበለ ቃላት ኩሉ ካብቲ ክፉእ እዩ። ካብቲ ክፉእ ዝመጸ ዘበለ ኽኣ ንረብሓ ህይወትና ዘይኰነስ ንውርደትን ንጥፍኣትን እዩ ዝመጽእ።

መንፈሳዊ ውግእ ክንዋጋእ ከሎና እቲ ውግእና መንፈሳዊ ክሳዕ ዝኹነ መንፈሳዊ ቃላት ክንጥቀም ኣሎና። እቲ ንጥቀመሉ መንፈሳዊ ቃላት ከኣ ንህይወትና ኣብ ሓለዋ

ኣምላኽ ዘእቱ፡ ንሰይጣን ከኣ ንውርደትን ንምውቃዕን ዝኽውን ክኽውን ኣለዎ። ዳዊት ብወዱ ኣቤሴሎም ተሰጒጉ ናብ በረኻ ምስ ሃደመ፡ ንወዱ ኣቤሴሎም ኣሒቶፌል መኻሪኡ ከም ዝኾነ ኽኣ ምስ ነገርዎ፡ እቲ ሓደገኛ ምኽሩ ተረዲኡ ኣቐዲሙ ንምኽሪ ኣሒቶፌል ከምዚ ኢሉ ከፍርሶ ኽሎ ንርኢ። *"ዎ እግዚኣብሄር፡ ንምኽሪ ኣሒቶፌል ናብ ዕሸነት ክትልውጦ እልምነካ ኣሎኹ፡ በለ"* (2ሳሙ 15፡31) ይብለና። ከምቲ ዳዊት ዝጸለዮ ድማ *"እግዚኣብሄር ነቲ ጽቡቕ ምኽሪ ኣሒቶፌል ኪዘርዝር ኣዚዙ ነበረ"* (2ሳሙ 17፡14) ይብለና። እቲ ንቓል ባሮቱ ዜጽንዕ ኣምላኽ ከምዚ ጌሩ ጸሎት ደቂ ከም ዚምልስ ካብዚ ንመሃር። ሎሚውን ኣንጻርና ንዝምከር ምኽሪ ብስም የሱስ ከምዚ ጌርና ክነፍርሶ ይከኣል እዩ።

ዳዊት በዚ ነገር እዚ ኣዝዩ ግዱስን ጥንቁቕን ሰብ እዩ ነይሩ። ሓደ ጊዜ *"ጸላእተይ ብዘዕባይ ይዛረቡ፡ ንነፍሰይ ዚጸናተውዋ ኽኣ ሓቢሮም እናተማኽሩ፡ ኣምላኽ ሓዲግዎ፡ መናገፊ የብሉን፡ ስለዚ ጐይኹም ሓዝዎ፡ ይብሉ ኣለዉ እሞ፡ ብጊዜ እርግና ኣይትደርብየኒ። ዎ ኣምላኽ፡ ካብይ ኣይትርሓቕ፡ ዎ ኣምላኽይ፡ ንምርድኡይ ፍጠን። እቶም ንነፍሰይ ዚጸረርዋ ይሕፈሩን ይጥፍኡን፡ እቶም ጉድኣተይ ዚደልዩውን ነውርን ሓሳርን ይከደኑ" (መዝ 71፡9-13)* ኢሉ።

ዳዊት ንምኽሪ ጸላእቱን ንዘረባኦምን ሰቕ ኢሉ ኣይተዓገሰን። ብኣንጻሩ ደኣ ሕፍረትን ውርደትን ክወርዶም ቃል ፈነወሎም። ሎሚ ኽኣ ነፍሲ ወከፍና ከምዚ ጌርና ምኽሪ ጸላእትናን ናባና እተረግመ መርገምን ከነፍርሶ ፍቓድ ኣምላኽ ምኻኑ ክንርዳእ የድልየና። ግናኸ ጸላኢና ሰይጣን ምኻኑ ተረዲእና እዚ ንኢጋንንትን ንርኹሳት መናፍስትን ኢና ክንብሎም ዘሎና እምበር ንሰብ ከምዚ ጌርና ክንረግም ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኰነን።

1. ቃል ሰልጣን ንፍርዲ

ፍርዲ ንዚብል ቃል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብኽመይ ከም ዝገልጸን ብኽመይ ከም ዝፈትሑን በዚ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ነጥብታት ንርኢ።

- ሀ. ፍርዲ ንዝኽኑ ነገር ወይ ጉዳይ በቲ እተዋህበካ ሰልጣን ናይ መወዳእታ ውሳኔ ወይ ድማ ብይን ምሃብ ማለት እዩ (ዮሃ 3፡18, 16፡11, 18፡31)።
- ለ. ወሳኒ ዝኽኑ ናይ መወዳእታ ትእዛዝ ብሰልጣን ምምሕላፍ እዩ (ግብ 15፡19, 16፡4, 21፡25)።
- ሐ. ንሓደ ነገር ብሰልጣን ምቁጽጻርን ምእላይን ማለት እዩ (ማቴ 19፡28, መሳ 3፡10)።
- መ. ናይ መቐጸዕቲ ውሳኔ ምሃብ እዩ (2ተሰ 2፡12, ግብ 7፡7 ሉቃ 24፡20)።
- ሰ. ምኽሮን ወይ ድማ ምውጋዝ ማለት እዩ (ዮሃ 12፡48, ግብ 13፡27, ሮሜ 2፡27)።

ንሕና ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም፡ ነቶም መዓርጎም ዘይሓለዉ ርኽሱት መናፍስቲ እከይ፡ ካብ ቦታ ሰልጣኖም ኣምላኽ ምስ ደርበዮም፡ ብቕንኣት ኣብቲ ንኽብሪ ኣምላኽ እተፈጥረ፡ ብደም እቲ ሀያው ዝኽኑ ገንሸል ከኣ እተዓደገ ህዝቢ ኣምላኽ፡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ብህድኣት ከይነብር፡ ኬጨንቕዎ ዚትንስኡን ዚለዓሉን ናይ ጸልማት ሓይልታት፡ ብቓል ኣምላኽ ክንፈርዶም ሰልጣን ተዋሂቡና እዩ። ነቲ እተዋህበና ሰልጣን ብምስትውዓል ኣብ ልዕሊኦም ብፍርዲ ኽንለዓልን ከምቲ ኣብቲ ጽሑፍ ዘሎ ጌርና ክንፈርዶምን መሰል ኣሎና። ነዚ መሰል እዚ ብምፍላጥን ብምርዳእን ነቲ ቃል ፍርዲ ኣብ ልዕሊኦም ተግባራዊ ንምግባር ከኣ ናትና ሓላፍነት እዩ። ብኽመይ ከም እንፈርድን ንመን ከም እንፈርድን ኣብ ዝስዕብ ኣርእስቲ ክንረኽቦ ኢና። ሕጂ ግና ብዛዕባ ፍርዲ እንታይ ማለት ምኻኑ ትርጉሙ ኢና ንርኢ ዘሎና። ኣብ ላዕሊ ከም ዘንበብናዮ፡ ፍርዲ ማለት ናይ መወዳእታ ብይን ወይ ድማ ውሳኔ ምሃብ እዩ። እዚ ኽኣ ነቲ እተዋህበና ሰልጣን ፈሊጥና ብእኡ ክንዓዩ ከሎና ማለት እዩ። ፍርዲ ንምኽሮን፡ ንምውጋዝ፡ ንኽፉእ ኣሕሊፍካ ምሃብን፡ ንምቕጻዕን ዘጠቓለለ ምኻኑ ኣብ ላዕሊ

ኣንቢብናዮ ኣሎና። ነዚ ብምርዳእ ከኣ ንሕና ኣብ ልዕሊ እቶም ክፉኣት መናፍስቲ እከይ ንፈርድ ንኾንን ንኽፉእ ኣሕሊፍና ንህብ ማለት እዩ። ካብዚ ቀጺልና ንመን ከም ንፈርድ ንርኢ።

ሀ. ንነገር እዛ ዓለም እዚኣ ምፍራድ

ቃል ስልጣን ንፍርዲ ክንብል እንከሎና፡ መጀመርታ ኣምላኽ ብክርስቶስ ስልጣን ከም ዝሃበና ንጹር ኪኸውን ኣለዎ። ኣምላኽ ንኦሎም ኣጋንንትን ርኹሳት መናፍስትን፡ ከነውጽእን ከነልቅቕን ክንሰጕግን ናቶም ዘበለ ኣሰራርሓ ከነፍርስን ክንምንቁስን ከነዕኑን ክንፈርድን ኣምላኽ ስልጣን ሂቡና ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ *"ንቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኽስዕቦም እዩ፡ ብስመይ ኣጋንንቲ ከውጽኡ...." (ማር 16፡17)* ይብል። ኣብዚ እታ *"ከውጽኡ"* ትብል ዘላ ሓሳብ ምስ ፍርዲ ዝተተሓሓዘት ሓሳብ እያ። ከውጽኡ ማለት ካብ ዝነበርዎ፡ ካብ ዚሰረትሉ፡ ካብ ዚሰፈርዎ፡ ብመግዒ ኪሰጉዎም፡ ከዘናብልዎም፡ ዚብል ምስ ፍፍራድ ዚሰማማዕ ሓሳብ እዩ ዘለዎ። ኣብ ካልኣውን *"እንሆ፡ ተመንን ዕንቅርቢትን ኵሉ ሓይሊ ጸላእን ክተረግጹን ስልጣን ሂበኩም ኣሎኹ፡ ዚጐድኣኩም ከኣ የልቦን"* (ሉቃ 10፡19) ይብል። *"ንኹሉ ሓይሊ ጸላኢ ክትረግጹ"* ዚብል ከኣ ብስልጣን ንምግዛእን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ምግባርን ብስልጣን ናይ ፍርዲ ስጉምቲ ምውሳድን እዩ ዘመልክት።

ምስ እዚ ተመሳሳሊ ብዛዕባ ምምንጫስን ምፍራስን፡ ምዕናውን፡ ምትካልን፡ ምህናጽን ኣምላኽ ንኤርምያስ ስልጣን ከም ዚሃቦ (ኤር 1፡9-10) ንንብብ። ነዚ ስልጣን እዚ ብምጥቃም ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ኣብ ልዕሊ እዞም ናይ ጸልማት ሓይልታት ንፍርዲ ኪለዓልን ክትንስእን ቃል ኣምላኻዊ እዩ። ካብ ኣፍና ዚወጽእ ቃል፡ ሞት ወይ ህይወት ሒዙ እዩ ዚወጽእ፡ ምኽንያቱ *"ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ እዩ ዘሎ እቲ ዘፍቅራ ኽኣ ፍሬኣ ኽበልዕ እዩ"* (ምሳ 18፡21) ዚብል ጽሑፍ ስለ ዝኾነ። ስለዚ ቃል ኣምላኽ ካብ ኣፍና ኺወጽእ ከሎ እሞ፡ ኣንጻር ኣጋንንቲ ክንዛረቦ ኽሎና፡ ኣብቲ እንዛረቦሉ ዘሎና ነገር ለውጢ ከምጽእ ግድን እዩ።

ነገር እዛ ዓለም እዚኣ ኣብ ልዕሌና ከም ድለየቱ ክገብር ስልጣን የብሉን። ኣብ ልዕሌና ኽስልጥን፡ እከይነቱ ኣብ ልዕሌና ኪለቅቕ፡ እንከሎ ሰቕ ኢልና ክንርእዮን ከኣስተናግዶን ኣይግብኣናን። እምበኣር ነዚ ብምፍላጥ ኢና ክንፈርድ ኣሎና ንብል ዘሎና። ነገር እዛ ዓለም እዚኣ ኣብ ልዕለይ ኽትስልጥን እትደሊ ብሰም የሱስ ኺትበታተን እፈርደካ ኣለኹ። ሓሳባትካ ይዘርዘር፡ ነገራትካ ክንቱ ይኹን፡ እናበልና ነገራቶም ንምብትታንን ንምብንቂስን ክንፈርዶም ስልጣን ኣሎና።

የሱስ ነታ ኦም በለስ ፍረ ምስ ሰኣነላ *"ካባኺ ሓደ እኳ ንዘልኣለም ፍረ ኣይብላዕ"* (ማር 11፡14) ኢሉ እዩ ረጊምዋ። ንጽብሒቱ በታ በታ ኪሓልፋ ኽለዉ ነቒጻ ረኽብዋ ይብለና። የሱስ ክርስቶስ ነታ ኦም ቆጽሊ እምበር፡ ገለ እኳ ስለ ዘይረኽበላ እዩ ረጊምዋ። ሎሚ ኽኣ ንሕና ኣብ ህይወትና ሞት እምበር፡ ገለ እኳ ጽቡቕ ፍረ ኽፍሪ ዘይክእል ነገር እዛ ዓለም እዚኣ፡ ገና ኽሎ ክንፈርዶ ይግብኣና።

መጽሓፍ ቅዱስ "ብእኡ ኽኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ንዚጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ሒሱን እናፍረስና፡ ኵሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርኽሉ ኢና" (2ቆረ 10፡5) ይብል። ኣብዚ ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ዚጻላእ ሓሳባትን ልዕል ዝበለ ነገር ከም ዘሎ እዩ ዚገልጽ ዘሎ። እዚ ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ዚጻላእ ሓሳባትን ልዕል ዝበለ ነገርን ከኣ እቲ ንሰባት ዘባእሰምን ዘገራጭዎምን ሰይጣናዊ ሓሳብ እዩ። እዚ ኽኣ እቲ ክፋእ መንፈስ ኣብ ነገራቶም ጣልቃ ስለ ዚኣቱን ነቲ ሓሳባዊ ክፍሊ ህይወቶም ስለ ዚሕዞን እዩ። ኣብቲ ሓሳባዊ ክፍሊ ህይወቶም ዕርዲ ስለ ዚሰርሕ ከኣ እቶም ሰባት ንሓሳብ ኣምላኽ ተቓወምቲ ይኹኑ።

ጳውሎስ ንሰብ ቈረንቶስ ክጽሕፈሎም ከሎ *"ምእዛዝኩም ምስ ተፈጸመውን፡ ነቲ ዘይምእዛዝ ዘበለ ኵሉ ኽንቀጽዖ ተዳሊና ኣሎና"* (2ቆረ 10፡6) ይብል። ክንቀጽዖ ዚብል ዘሎ ሓሳብ ምስ ምፍራድ እተተሓሓዘ ትርጉም እዩ ዘለዎ፡ ምኽንያቱ ፍርዲ ንመቕጻዕቲ ኣሕሊፍካ ምሃብ ዚብል ትርጉም ኣለዎ። ኣቕዲምና ኣብ ዝረኣናዮ ኵሉ እናፍረስና ኣብ ዚብል ሓሳብ፡ እናዘርዘርናዮ፡ እናኣልመስናዮ፡ ከም ዘይቀውም እናገበርናዮ፡ ነቲ ሰይጣናዊ ሓሳብ ፍረ ከም ዘይፈሪ

እናገበርናዮን ማለት እዩ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍና ብፍልጠትን ብምርዳእን በዚ ህያው ዝኾነ ቃል ክንፈርድ ወይ ክንቀጽዕ ስልጣን ኣሎና።

ኣብ ካልእ ጽሑፍ *"ቃል ኣምላኽ ህያውን መስለጥን እዩ እሞ፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዝበልሐ እዩ፡ ነፍስን መንፈስን፡ መፈላልዮ ኣካላትን ኣንጕዕን ክሳዕ ዝፈላሊ ዝሰጥሞ፡ ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ክኣ ዝፈርድ እዩ"* (እብ 4፡12) ይብለና። ቃል ኣምላኽ ንሕና ክንዛረቦ ኾነ ኣብ ኣፍናውን ቃል ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ዝፈርድ እንተ ኾይኑ፡ ነቲ ምሕረትን ፍቕርን ይቕረታን ኣጥፊኡ ንሰባት ዜጋፍፍን ዜባእስን ዓለማዊ ኣሰራርሓን ነቲ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዚጻላእ ልዕል ዝበለ ሰይጣናዊ ሓሳብን፡ ብቓል ኣምላኽ ጌርና ክንፈርዶ ስልጣን ኣሎና።

<u>ለ. ብቓል ስልጣን ንኢጋንንቲ ምፍራድ</u>

ኣብዚ ምድሪ እዚ ከነገልግል ከሎና፡ ኣብ ኣገልግሎትና ኰነ ኣብ ካልእ ንጥፈታትና ዝዓናቐፉና ሕልቅነትን ስልጣናትን ኣጋንንቲ ብሓይሊ ቃል ኣምላኽ እናፈረድና ንኽፉእ ኣሕሊፍና ክንህቦም፡ ብቓል ኣምላኽን ብስም የሱስን ስልጣን ተዋሂቡና ኣሎ። ቡቲ እተዋህበና ስልጣን ክኣ ኣብ ልዕሊ እቶም ርኹሳት መናፍስቲ ክንፈርድ መሰል ኣሎና።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ቅዱሳን ኣብዚ ምድሪ ዚገብርዎ ፍርዲ ኪዛረብ ከሎ *"ንሳቶም ኣብ ኣህዛብ ሕነ ንምፍዳይ፡ ሀዝብታት ክኣ ንምቕጻዕ፡ ነቲ ጽሑፍ ፍርዲ ኣብኣቶም ኪፍጽምዎ፡ ምስጋና እግዚኣብሄር ኣብ ጕሮሮኦም፡ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊውን ኣብ ኢዶም ይኹን። እዚ ንኹሎም ቅዱሳን ክብሪ እዩ። ሃሌሉያ"* (መዝ 149፡6-9) ይብል። እዚ ብዘበን ዳዊት ንዳሕረዋይ ዘመን እተነግረ ትንቢታዊ ቃል እዩ። ኣብዚ ዘበን እዚ ኽኣ ንሕና ሕነ ንምፍዳይን ነቶም ጸላእቲ ኣምላኽ ንምቕጻዕን ነቲ ጽሑፍ ፍርዲ ኣባታቶም ክንፍጽምን እተጸዋዕና ህዝቢ ኢና። ሕነ ንምፍዳይ ክብል ከሎ ካብቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝፈጸምዎ እከይ ንላዕሊ ኣብቶም ዚጻብኡኻ ፍዳ ምውራድ ማለት እዩ። ምቕጻዕ ማለት ክኣ ቡቲ እተዋህበካ

ስልጣን ተጠቒምካ ዝተፈላለየ ዓይነት ጉድኣት ኣብ ልዕሊኣም ምውራድ ማለት እዩ። ብዛዕባ እዚ ብሰፊሑ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት ክገልጾ ክፍትን እየ። ኣብዚ ምድሪ እንከሎና ንኢጋንጉቲ ክንቀጽየም ዘይንኽእል በዘን ዝስዕባ ክልተ ነጥብታት ኢና።

1. ናብ ገሃነም ክንሰዶም ኣይንኽእልን ኢና።
2. ንሞት ክንፈርዶም ቃል ኣምላኻዊ መምርሒ የብልናን። ምኽንያቱ ኢጋንጉቲ ኣይሞቱን እዮም።

ኣብቲ መጀመርታ ንጉይታ ዝተቐበልኩሉ ጊዜ መንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ንኹሉ ሰብ ቃል ኣምላኽ እምስክር ነበርኩ። ሓደ መዓልቲ ካብ ናይ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን እናወጻእና ኽኣ ንሓደ ካብቶም መሓዙተይ ዚነበሩ ድያቆናት ቃል ኣምላኽ እምስክረሉ ነበርኩ፡ እናመስከርኩሉ ኽለኹ ኽኣ ድንገት እቲ ኣብኡ ዚነበረ መንፈስ ተወቐዐ እሞ፡ ኑቲ ዝነግሮ ዝነበርኩ ቃል ክጸወሮ ስለ ዘይከኣለ ህዝቢ ኣብ ዚተኣከቦ ቦታ ኣውያት ኣእወየ። ኢጋንጉቲ ናይ ምውጻእ ልምዲ ስለ ዘይነበረኒ ኽኣ ፈራህኩ፡ ግናኸ እቶም ዝምህሩና ዝነበሩ ኣሕዋት ቅድሚኡ ኬውጽኡ ኽለዉ ስለ ዝረኣኹ ብትብዓት ከምታ ንሳቶም ዚገብርዋ ዝነበሩ *"ብሰም የሱስ እእዝዘካ ኣለኹ ተንሰእ"* በልኩም፡ እቲ መንፈስ ተኣዚዙ ኩሉ ሰብ እናረኣዮ ብድድ ኣበሎ። ኣነ ኽኣ ትብዓት ረኺበ ትኸ ኢልካ በዚኣ ትኸይድ ኢለ ኣዘዝክም፡ በታ ዝበልክም ክኸይድ ጀመረ። ኣሕዋት እናሰዓቡኒ ኽኣ ክንጽልየሉ ኣብ ንኽእል ሀዱእ ቦታ ንበረኻ ገጽና ወሰድናዮ። ኣብኡ ኽኣ ውጻእ እናበልና ክንእዝዞ ጀመርና፡ ኸው እቲ መንፈስ ክምዚ ክብል ጀመረ፡ ኣነ ሞይተ እየ የለኹን፡ ኣብ ሲኦል ኣትየ እየ፡ ወጺኤ እየ፡ ኣብዛ ነፍሲ እዚኣ የለኹን፡ እናበለ ኬቃበጥረልና ጀመረ። ንሕና ኽኣ ሞይቱ እዩ ኢልና ምጽላይ ሓዲግና ነቲ ሰብ ናብ ኣእምሮኡ ክም ዚምለስ ጌርና ንገዛና ተመለስና። ንጽባሒቱ ነቶም ዚምህሩና ዝነበሩ ኣሕዋት ኩሉ ኣዘንቶናሎም እሞ፡ ክም ዘየውጻእናዮ ቀልጢፎም ተረድኡና። ክንጽሊ ምስ ጀመርና ኽኣ እቲ መንፈስ ዳግማይ ተጋለጸ፡ ነዊሕ ጊዜ ጸሊና ኽኣ እቶም ኣሕዋት ኣዚዞም ነቲ መንፈስ ካብቲ ሰብ ኣውጽእዎ። ኸው መንፈስ ክም ዘይመውት ኣረጋገጽኩ።

ሰይጣን ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ሽሕ ዓመት መንግስቲ ተሳኢሩ ናብቲ ናይ መወዳእታ ቀላይ ሓዊ ክሳዕ ዝድርበ ኣብዚ ምድሪ ክኸብር ሕጋዊ መሰል ኣለዎ። የሱስ ካብ ሰባት ከውጽኦም ከሎ እተዛረብዎ እንተ ደኣ ኣስተብሂልና፡ *"የሱስ ወዲ ኣምላኽ ገና ብዘይ ጊዜኡዶ ኽተሳቐየና መጺእካ"* (ማር 1፡24) ክብልዎ ከለዉ ንርኢ። እዚ ኽኣ ናብቲ ናይ መወዳእታ ጊዜ ናብ ቀላይ ሓዊ ዚድርበይሉ ጊዜ ኽም ዘሎ እዩ ዘረድኣና። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዘንበብናዮ ኑቲ ንኣታቶም ክንቀጽዓሉ እንኽእል ብቓል ኣምላኽ ስልጣን ተዋሂቡና እዩ። በዚ ስልጣን እዚ ብምጥቃም ንኢጋንንቲ ቃል ኣምላኽ እናጠቐስና ክንቀጽያም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ካብዚ ቐጺልና እዘን ሰለስተ ነጥብታት ክንርእየን ኢና።

1. ብስም የሱስ ይውደቑ
2. ኣጽዋሮም ዘይጠቅም ይኹን።
3. ብስም የሱስ እሱራት ይኹኑ

1. ብስም የሱስ ይውደቑ

ኣባና ኼነ ኣብ ናብራና ኪስልጥኑ ንዚደልዩ ክፉኣት መናፍስቲ ንውድቀት ክንፈርዶም ቃል ኣምላኻዊ ዝኼነ መረጋገጺ ኣሎና። ነዚ ኽኣ በቲ ስሊኣም ተጻሒፉ ዘሎ ናይ ፍርዲ ጽሑፍ እዩ። ኣብዚ ዚስዕብ ጽሑፍ ሰይጣን እተዛረቦን እግዚኣብሄር ዝሃቦ መልስን ዝገበሮ ግብርን ንርኣ። *"ንስኻ ብልብኻ፡ ናብ ሰማይ ክድይብ፡ ንዝፋነይ ኣብ ልዕሊ ኽዋኽብቲ ኣምላኽ ልዕል ክብሎ፡ ኣብ መሰን ሰሜን ኣብ ልዕሊ ኽረን ማሕበር ክቕመጥ እየ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ደበናታት ክድይብ። ኑቲ ኣዝዩ ልዑል ክመስል እየ፡ በልካ። ኣይፋልካን ናብ ሲኦል ናብ መዓሙቕ ጕድጓድ ደኣ ኽትድርብ ኢኻ"* (ኢሳ 14፡13-15) ይብል። ኣብዚ ድያብሎስ ዚተዓበየሉን ዚወደቐሉን ሓሳብ ኢና ንርኢ ዘሎና። ኣምላኽ፡ ድያብሎስ ንእተዛረቦ ዘበለ ኵሉ ከንቱ ከም ዚገበሮን ካብ ናይ ክብሪ ስፍራኡ ከም ዚደርበዮን ነንብብ።

ኣምላኽ ንድያብሎስ ንውድቀት ስለ ዝፈረዶ ክሳዕ ሎሚ ናብ ሰማይ ናብቲ ናይ ቀደም ስፍራኡ ኣይድይብን እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን ጐይታና የሱስ ክርስቶስ *"ሰይጣን ከም*

መብረቕ ካብ ሰማይ ኪወድቕ ከሎ ርኤኽዎ" (ሉቃ 10፡18) ኢሉ ኣሎ። እዚ ዅሉ ሰይጣን ንውድቀት ከም እተፈርደ እዩ ዚምህረና። ንሕና ኽእ ነዚ ካብ ሰማይ ወዲቑስ ሕጂ ብዝተፈላለየ ኩነታት ጌሩ ዚፍትነናን ነገራትና ዚሓላልኽልናን ጸላኢ ክንፈርዶ ስልጣን ኣሎና። ኣብ ልዕሌና ኪስልጥንን ብዝተፈላለየ ነገር ተጠቒሙ ኬጥቅዓናን ክፍትን ከሎ፡ ንውድቀት ክንፈርዶ መሰል ኣሎና። ዋላ እኳ ኣምላኽ ንውድቀት ፈሪድዎ ኣብ ኣምላኽ ዝተወድኣ ነገር እንተ ኾነ፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ግና ሰኣን እኹል ፍልጠት ምርካብ ብናቱ ዓንኬል ንተሓዝ ኢና። እዚ ዘንበብናዮ ጽሑፍ መሰረት ብምግባር እምበኣር ክንፈርዶም ይግብኣና እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ *"ዝኹነ እንተ ኾነ እቶም ኪጻረሩኽ ዚሳማምው ዅሎም ኣብ ቅድሜኺ ኺወድቁ እዮም"* *(ኢሳ 54፡15)* ይብል። እዚ ቃል ኣምላኽ እዩ። ሎሚ ኽእ ንሕና ብመሰረት እዚ ቃል እዚ ክጻረሩኒ ዚሰማምው ኮሎም ብስም የሱስ ይውደቑ እናበልና ክንፈርዶም ንኽእል ኢና። ኣብ ልዕሌና ምስ ዚትንስኡ፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባት ተጠቒሞም፡ ንነገራትና ክበላሽዉ ኽለዉ፡ ብስልጣን ቃል ኣምላኽ እናተዛረብና ኣንጻሮም ክንልዓል ነቲ ብዛዕብኡም ተጸሒፉ ዘሎ ጽሑፍ ፍርዲ ኣባታቶም ክንፍጽሞ ኣሎና፡ ምኽንያቱ ንሕና ነቲ ጽሑፍ ፍርዲ ኣባታቶም ክንፍጽም እተጸዋዕና ኢና። ነቲ ኣባና ዚፈረድዎ ፍርዲ፡ በቲ ኣምላኽ ዚሃበና ስልጣን ኣፍሪስና ንውድቀት ከም እተፈርዱ ክንረትየሞ ኣሎና። ልሳን ጸላእትና ንፍርዲ ዝትንስኣና እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ከመይ ግዳ ኣንጻር ኣጋንንቲ ክፈርድ ልሳንና ዘይቅድም!! ንፍርድና ቃላት ዚዝረብ ካብ ኩነኽ ከመይከ ንሕና ብዝበለጸ ኣንጻሮም ዘይንዛረብ!!

የሱስ ክርስቶስ *"ኣነ ግና፡ ብዘረባኻ ኢኻ እትጸድቕ፡ ብዘረባኻውን ኢኻ እትሽነን"* (ማቴ 12፡36) ኢሉ። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ብዘረባኻ ዚብል ዘሎ ሓሳብ ብቓላትካ ማለት እዩ። ቃላት ወይ ይኹንኑ ወይ የጽድቕ እዮም። ጕይታና ብዘረባኻ ኢኻ ትኽነን ዚብሎ ዘሎ ሓሳብ ነስተውዕለሉ። ምኹናን ክልተ ትርጉም ኣለዎ። ቀዳማይ ምኹናን ማለት ምውቃስ፡ ምቅዋም፡ ምውጋዝ፡ ንሕማቕ ነገር ኣሕሊፍካ ምሃብ ማለት

እዩ። ካልኣይ ምሽናን ማለት ብዘይ መግቢ፡ ብዘይ ቀለብ ምግዳፍ፡ ንሰብ ከም ዚጠሚ ምግባር፡ ብኣፍ ጸሙ ምድፋን፡ ምስንካል፡ ከም ዘይሰርሕ፡ ከም ዘይንቀሳቐስ ምግባር ማለት እዩ። ስለዚ ጐይታ ብዘረባኻ ኢኻ እትሽነን ክብል ከሎ ብዘረባኻ ኢኻ እትስንክልን ቁም ነገር ዘይብሉ ሰብ እትኸውንን እዩ ዚብል ዘሎ። ቃል ፍርዲ ንውድቀቶም ኢልና ክንዛረብ እንከሎና እምበኣር እቲ ቓል ኣብቲ እተዛረብናሉ ኪዓልብ ግድን እዩ። ነቲ ዝበልናዮ ኽኢ *መንፈስ* ቅዱስ ክፍጽሞ ድልው እዩ። ኣቐዲምና *"እግዚኣብሄር ናብ ያእቆብ ቃል ሰደደ፡ እዚውን ኣብ ያእቆብ ወደቐ"* (ኢሳ 9፡8) ዚብል ኣንቢብና ኣሎና። እቲ ኻብ እግዚኣብሄር ዚወጸ ቃል ንበረኽት ያእቆብ ስለ ዝወጸ ኣብ ያእቆብ'ዩ ዓሊቡ። ከምኡ ኽኢ ንፍርዲ ዝወጸ ቃል ኣብቲ እተፈርዶ ኣካል ኪዓልብ ግድን እዩ። ንሕና ኽኢ ነቲ ኣንጻር ኣጋንንቲ ንፍርዲ ተጻሒፉ ዘሎ ቃል ካብ ኣፍና ከነውጽኦ ከሎና ኣብቶም ንፈርዶም ዘሎና ክፉኣት መናፍስቲ እዩ ዚዓልብ። ስለዚ ንውድቀት ክንፈርዶም ብቓል ኣምላኽ ሕጋዊ መሰል ኣሎና።

2. ኣጽዋሮም ዘይጠቅም ይኹን

መጽሓፍ ቅዱስ "ንዓኺ ኺወግኡሉ እተሰርሐ ኣጽዋር ኵሉ ኣይክጠቅምን እዩ፡ ነቲ ንፍርዲ ዚትንስኣኪ ኵሉ ልሳን ድማ ክትረትዖ ኢኺ" (ኢሳ 54፡17) ይብል። እዚ ናይ ፍርዲ ቃል እዩ። ነዚ ናይ ፍርዲ ቃል እዚ ኣብ ልዕሊኡም እንፍጽሞ ንሕና ኢና። ሰይጣን ንቕዱሳን ንምጥቃዕ ዚጥቀመሉ ኣጽዋር ብዙሕ ዓይነት እዩ። ግናኸ ከምቲ ጽሑፍ ጌርና ክንፈርዶም እንከሎና፡ ኣጽዋሮም ከምቲ ዝፈረድናዮ እዩ ዚኸውን። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ንኣታቶም ብኣምላኽ እተፈርዶም ፍርዲ ኢና ነንብብ ዘሎና። ከምቲ ኣቐዲምና *"እግዚኣብሄር ምሳና እዩ እሞ፡ ምኽሪ መደቡ፡ ክዝርዝር ከኣ እዩ፡ ቃል ተዛረቡ፡ ኣይክቕውምን ድማ እዩ"* (ኢሳ 8፡10) ዚብል ዘንበብናዮ። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ፡ መጀመርታ ብዛዕባ ምኽሮም፡ ደሓር ድማ ብዛዕባ ቃሎም እዩ ተዛሪቡ ዘሎ። ምኽሮም ክብል ከሎ ነቲ ኣብ ሕቡእ ስፍራኦም ኰይኖም ብዛዕባና ዚሓስብዎ ምኽሪ እዩ ዝዛረበሉ ዘሎ። ነዚ ምኽሪ እዚ፡ ከምቲ ዳዊት ንምኽሪ

ኣሒቶፈል ናብ ዕሽነት ለውጡ፡ ኢሉ ናብ ኣምላኽ ዚጸለየ እሞ፡ ኣምላኽ ከኣ ንምኽሪ ኣሕቶፈል ዘፍረሶ፡ ከምኡ ኽእ ንሕና ኣንጻርና ንዚመደብዎ ምኽሪ፡ ብዛዕባና ዚኣለምዎ ውዲት፡ ኩሉ ዘይጠቅም ኪኸውን ክንፈዶ ኣሎና። ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ሕልምና ሕማቕ ነገር ከጋጥመና ኽሎ ንርኢ እሞ፡ ኑቲ ዝረኣናዮ ሕልሚ ክፉእ ስለ ዝኾነ ናይ ሰይጣን እዩ ኢልና ሸለል ንብሎ። እቲ ሕልሚ ዋላ እኳ ክፉእ ይኹን እምበር ናይ ድያብሎስ ምኽሪ ምዃኑ ንጹር እዩ። ነዚ ሕልሚ እዚ ሕልሚ ኽሎ እንተ ዘይኣፍሪስናዮ ምስ ተጋህደ፡ ክንቃወሞ ኣጸጋሚ እዩ።

ሰባት ንዚሓለምዎ ሕልሚ ዜስተውዕልዎ እቲ ዚሓለምዎ ሕልሚ ድሕሪ ምፍጻሙ እዩ። ሽው ጐይታ ገሊጹለይ ነይሩ እዩ ኢሎም ይቕበልዎ። ጐይታ ኑቲ ሕልሚ ኬፍርስዎ እዩ ገሊጽሎም እምበር ቡቲ ሕልሚ ክሳቐዩ ኣይኰነን። ስለዚ ንኽምዚ ዝበለ ክፉእ ሕልሚ ይኹን ራእይ፡ ገና ኣብ ግብሪ ከይተፈጸመ፡ ብጋህዲ ከይመጸ ኽሎ ከንቱ ክኸውን ክፍረድ ኣለዎ። ኣንጻርና እተዛረብዎ፡ ብዛዕባና ዚዘርእዎ መርገምን ናይ ሞት ቃላትን፡ ኣብ ልዕሌና ዝኾነ ነገር ከየስልጥ ወይ ኽይዓዩ፡ ከንቱ ክኸውን፡ ከይቀውም፡ ከይፈሪ፡ ክመክን፡ ክንፈርዶ ኣሎና። ኣምላኽ ከኣ ከምቲ ዝፈረድናዮ ኑቲ ኣንጻርና እተዛረብዎ ቃላት ከም ዘይቀውም ኪገብሮ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ *"ንቓል ባርያኡ ዘጽንዖ ንምኽሪ ልኡኻቱ ዚፍጽም"* (ኢሳ 44፡26) ይብል። ንሕና ኽእ ኣብዚ ምድሪ እዚ ኣምላኽ ዝለኣኸና ልኡኻት ኢና። መልእኽትና ኽኣ ቃል መንግስቲ ኣምላኽ ክንእውጅ፡ ኑቶም ኣብ ጸልማት ዘለዉ ኽእ ናብ ብርሃን ኽነውጽእ እዩ። ነዚ ቃል ሓቂ እዚ ክነገልግል ከሎና ንዝቃወሙና ክፉኣት መናፍስቲ ኣጽዋሮም ከንቱ ክኸውን ክንፈርዶም እንከሎና ኣምላኽ ንቓልና የጽንዖ እዩ። ኣምላኽ ምስ ቃል ባሮቱ ይሰማማዕ እዩ። ሃዋርያት ኑቲ ቃል ምስ ሰበኹ *"ጐይታ ምሳታቶም ይገብር፡ ኑቲ ቃልውን ብዚስዕብ ተኣምራት የጽንዖ ነበረ"* (ማር 16፡20) ይብል። ኑቲ ቃል ብዚስዕብ ተኣምራት የጽንዖ ነይሩ። ሎሚ ኽእ ንሕና ኑቶም ክፉኣት መናፍስቲ እከይ ክንፈርዶም እንከሎና፡ ኣምላኽ ኑቲ ቃል ፍርዲ የጽንዖ። እቲ ቃል ፍርዲ ኣባታቶም እንተ

ደአ ጸኒዑ ኽእ ከምቲ እተፈርድዎ እዮም ዝኾኑ። ስለዚ አንጻር ኣጋንንቲ ብቓል ስልጣን ንምፍራድ ንለዓል።

3. ብስም የሱስ እሱራት ይኹኑ

ጐይታ "አብ ምድሪ ዝኣሰርከምዎ ኸኣ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ። አብ ምድሪ ዝፈታሕከምዎ ኸኣ ድማ አብ ሰማይ ፍቱሕ ከም ዚኸውን፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ" (ማቴ 18፡18) ኢሉ ኣሎ። ንሕና ኽእ አብዚ ምድሪ የሱስ ዝበለና ኽንከውን ኢና ተጸዊዕና። ነዞም ናይ ጸልማት ሓይልታት አብ ናብራና፡ አብ ስድራ ቤትና፡ አብ ከባቢና፡ ዝኾነ ንጥፈታት ከየካይዱ ክንኣሰሮም ብክርስቶስ ስልጣን ተዋሂቡና እዩ። ሓደ ሓደ ጊዜ ኣጋንታዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ አብ ናብራና ይኹን አብ ዝኾነ ንጥፈታትና የጋጥመና እዩ። ሽዑ ስልጣን ከም ዜብልና ኪንና ንመላለስ እሞ ኣእምሮና ይጽልምት፡ ዓቕልና ይጸበና፡ መጻኢ ዅነታትና ከይተረፈ አብ ኢድ አምላኽ ከም ዘሎ ንዝንግዕ። አብ ከምዚ ጊዜ ቐልጢፍና፡ ነቶም ናብ ከምዚ ዅነታት ዝደፋፍኡና ዘለዉ መናፍስቲ እከይ፡ ዅሉ ስርሖም ደው መታን ክብል፡ ክንኣሰሮም ኣሎና። ጐይታ አብ ካልእ ጽሑፍ *"ሓደ እኳ፡ ቅድም ነቲ ሓያል እንተ ዘይኣሰረ፡ ናብ ቤት ሓያል ኣትዩ ገንዘቡ ኺብዝብዝ ዚኽእል የልቦን"* (ማር 3፡27) ኢሉ ኣሎ። ስለዚ ክእሰር ዘለዎ ኣቐዲምና ምእሳር ኣዘዩ ኣገዳሲ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ *"ብዘላ ዓለም በቲ እኩይ ተትሒዛ ምህላዋ ንፈልጥ ኢና"* (1ዮሃ 5፡19) ይብል። ንሕና ኽእ አብዚ ዓለም እዚ ክንነብር እንከሎና፡ ብናይ ጸልማት ኣሰራርሓ ተታሒዝና አብ ዓለማዊ ዝኾነ ሰይጣን ዚተኸሎ ስርዓት መታን ከይንኣቱ ኣቐዲምና ነቲ ሓያል ክንኣሰሮ ይግብኣና። እዚ ኽእ ነቲ አብ ኣገልግሎት፡ አብ ስጋዊ መነባብሮና ክጠላለፈና ዚለዓል ኣጋንንታዊ ኣሰራርሓ ማለትና እዩ። አብዚ ምድሪ ንዚኣሰርናዮ አምላኽ ከኣ አብ ሰማይ ይሰማምዓሉ እዩ።

2. ቃል ሰልጣን ንምምንጋስ

ኣምላኽ ንቓሉ ንምትካልን ንምምንጋስን ኣብ ኣፍና የንብሮ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ *"እግዚኣብሄር ከኣ ኢዱ ዘርግሔ እሞ ኣፈይ ተንከየ። እግዚኣብሄር ድማ፡ እንሆ፡ ቃላተይ ኣብ ኣፍካ ኤንብር ኣሎኹ፡ ርኤ፡ ሎሚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትን መንግስትታትን ክትምንቀሰን ክተፍርሰን ክተየኑን ክተጥፍእን ክትነድቕን ክትተክልን ኣቕመካ እየ፡ በለኒ"* (ኤር 1:9-10) ይብል። ኣምላኽ ኣብ ዘመናት ኮሉ እንተ ኣስተብሂልናሉ ብሰባት እዩ ዝሰርሕ፡ ነገራት የፍርስ፡ የዕኑ፡ ይምንቀሱ፡ ይነድቕ፡ ይሃንጽ፡ ይተክል፡ እዚ ድማ ሰባት ተጠቂሙ እዩ ዚገብሮ፡ ምኽንያቱ ካብ ኮሉ ፍጥረት መሳይይቱ ኪኹኖ ኢሉ ብምስሉ ዝፈጠሮ ንሰብ እዩ። ጳውሎስ ነዚ ተረዲኡዎ *"ንሕና መሳይይቲ ኣምላኽ ኢና"* (1ቆረ 3:9) ኢሉ። ስለዚ ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እግዚኣብሄር ብሰባት ስለ ዚሰርሕን ዚጥቀምን ንኤርምያስ ንሓደ ዕላማ ይፈልዮ ከም ዘሎ ኢና ነስተብህል። እቲ ዕላማ ኽኣ ክምንቀሰን ኬፍርሰን ኬዕኑን ኬጥፍእን ክነድቕን ክተክልን እዩ።

ኣብዚ፡ ትርጉምን ዕላማን ናይቲ መልእኽቲ ንኽልተ ዓይነት እዩ ዘመልክት። ንሱ ኽኣ ንምምንቋስን ንምትካልን እዩ። ኬፍርሰን ኬዕኑን ኬጥፍእን ማለት ብሓፈሻ ኣብ ምምንቋስ ዚተኻተተ ሓሳብ ክኽውን ከሎ፡ ምንዳቕን ምትካልንውን ብዙሕ እተፈላለየ ሓሳብ የብሉን። እቲ ናይ መወዳእታ ዕላምኡ ሓደ እዩ። ኤርምያስ ኣብ ዘመኑ ነዘን ክግለጸ ዚጸናሓ ክልተ ዕላማ ኪፍጽም እዩ ተላኢኹ። ክምንቀስ እተለኣኽሉ ቀንዲ ምኽንያት ኣምላኽ ንቓሉ ኣብ ኣፉ ስለ ዘንበረሉ እዩ። ኣምላኽ *"እንሆ፡ ቃላተይ ኣብ ኣፍካ ኤንብር ኣሎኹ"* ኢሉ ምስ ተዛረቡ፡ ኣብ ኮሉ ኣገልግሎቱ ትንቢት እናተነበየ ኪምንቀሰን ኬፍርስን ክተክልን ክነድቕን ከሎ ኢና ንርኢ። ኣብዚ ነስተውዕሎ ነገር እንተሎ ሓይሊ ናይቲ ስልጣን ዘለዎ ቃል እዩ። ንሕና ኽኣ ሎሚ ኣብ ዘበንና ንደጌታት ሲኦል ዘናውጽ፡ ንሓይሊ ኣጋንንቲ ዜርዕድ፡ ሰይጣን ንዚተኽሎ ነገር ብቓል ስልጣን ክንምቀስ ስልጣን ኣሎና።

መጽሓፍ ቅዱስ "እቲ ቃል ኣብ ኣፍካን ልብኻን ጥቓኻን እዩ" (ሮሜ 10፡8) ይብል። ቃል ኣምላኽ ካባና ርሑቕ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ኣፍናን ኣብ ልብናን ዘሎ ቃል ንምፍራስን ንምምንቋስን ሓይልን ተኽእሎን ዘለዎ ቃል እዩ። ነዚ ቃል እዚ ብስልጣን ክንዛረቦ እንከሎና ዕርድታት ኣጋንንት ኪምንቀሱ፡ ሰይጣን ዝዘርኦ ናይ ሓጢኣት ዘርእን ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝተኸሎ እከይ ሓሳባትን ኬፍርስ እዩ። ቃል ኣምላኽ ነገራት ሰራውር ከይሰደደ እንከሎ ብሓይሊ ክንቱ ኽንብሮን ዚኽእል ሓይሊ ኣለዎ። እቲ ኣብ ኣፍ ኤርምያስ ዘንበሮ ቃል ንምምንቋስን ንምትካልን ሓይሊ ከም ዝነበሮ፡ ሎሚውን እቲ ኣብ ኣፍና ኣንቢርዎ ዘሎ ቃል፡ ሓይሊ ዘለዎ ቃል እዩ። ኣጋንንታዊ ልምምድ ካብታ ስጋኡ ዝኾነት ማሕበር ንምምንቋስ፡ ኣምላኻዊ ሓሳብ ኣብ ሰባት ንምትካል፡ ሎሚውን ቃሉ ሓይሊ ኣለዎ።

ሰባት ብዝተፈላለየ ኣጋንንታዊ ነገር ምስ ተታሕዙ፡ ሰራውር ዝሰደደ ኣጋንንታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ኣእምሮኦም ኮይኑ ከሸግሮም ከሎ፡ ንጥፍኣቶም እተተኽለ ናይ ድግሚቲ ኣሰራርሓ ምስ ዘጋጥም፡ በዚ ቃል ስልጣን ጌርና ኽንምንቀሶ ኣሎና። ከምቲ ኣቐዲምና ዘንበብናዮ "ንቓል ባርያኡ ዘጽንዕ ንምኽሪ ልኡኻቱ ዚፍጽም" (ኢሳ 44፡26) ዚብል ጽሑፍ ከም ዘሎ፡ ኣምላኽ ንቓልና እዩ ዘጽንዖ። ስለ ቃሉ ዚተግህ ኣምላኽ ኣሎና። ንሕና ነቲ ጽሑፍ ፍርዲ ከምቲ ኣምላኽ ዝበለና ኣብ ልዕሊኡም ክንፍጽሞ ሓላፍነትና እዩ።

ዳዊት እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ክዝምር ከሎ፡ "ሞ እግዚኣብሄር፡ ሰማያት ለጠቕ ኣቢልካ ውረድ፡ ነኽራን ተንክሎ እሞ፡ ኪተክኽ። መባርቕ ኣባርቕ እሞ፡ በትኖም፡ ፍላጻታትካ ወርዊርካ ኣሸብሮም" (መዝ 144፡5-6) ይብል። እዚ ጸሎት እዩ። ሎሚ ኽኣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ነዚ ቃል እዚ መሰረት ብምግባር ክንጽሊ ንኽእል ኢና። ነዚ ቃል እዚ እናጠቐስና ብጸሎት መባርቕ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡም ንለቕቕ፡ ብሓይሊ ዝተወርወረ ፍላጻ ኣምላኽውን ኣባታዮም ይዕለብ፡ ኢልና ቃል ስልጣን ኣብ ልዕሊኡም ንዛረብ፡ ኣምላኽ ከኣ ነቲ ቃል ኣብ ልዕሊኡም ከም ዚፍጸም ይገብሮ።

ኤልያስ "ብዘን ዓመታት እዚኣተን፡ ኣነ ኸይተዛረብኩ ዝናም ኰነ ኣውሊ ኰነ ኸይከውን እቲ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለ ዘለኽ እግዚኣብሄር ሀያው እዩ" (1ነገ 17፡1) ኢሉ ደው ምስ በለ፡ ኣምላኽ ከምቲ ኤልያስ ዝበሎ እዩ ጌሩ። መጽሓፍ ቅዱስ ግና "ኤልያስ ከማና ዝድኻሙ ሰብ እዩ ዝነበረ፡ ዝናም ከይዘንም ከኣ ጸሎት ጸለየ እሞ፡ ሰለስተ ዓመትን ሽድሽተ ወርሕን ኣብ ምድሪ ኣይዘነመን። ከም ብሓድሽ ድማ ጸለየ፡ ሰማይ ከኣ ዝናም ሃበ፡ ምድሪውን ፍሪኣ ኣብቁለት" (ያእ 5፡17-18) እዩ ዚብል። ስለዚ ኵሉ ዘይከኣል እኳ እንተ መሰለና ኣብ ኣምላኽ ተወኪልና እንዛረቦ ግና ኣምላኽ ይገብሮ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስውን "ንዚኣምን ኵሉ ይከኣል" (ማር 9፡23) እዩ ዚብል። ብቓል ስልጣን ነቲ ጽሑፍ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ኣጋንንቲ ክንፍጽም፡ ንኣሰራርሕኣም ክንምንቁስ ስልጣን ኣሎና።

<u>ኣስተንትን</u>

"ግናኸ እቲ ማእሊያ ዘይብሉ ሓይሊ ኸብ ኣምላኽ እምበር፡ ካባና ምእንቲ ኸይከውን፡ እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣኾሓ መሬት እዩ ዘሎና" (2ቆሮ4፡7)

<u>ከምዚ ኢልካ ጸሊ</u>

ዎ ኣምላኽ እቲ ማእሊያ ዘይብሉ ሓይልኻ ኣባይ ኣብ ኣኾሓ መሬት ሰለ ዘንበርካዮ ተመስገን። ሕጂ ኸኣ ምፍላጡ ክኽእልን ነቲ ዚሃብካኒ ከጥቀመሉን ኣዒንቲ ልበይ ከፈተለይ። ሰለ ዝሰማዕካኒ ተመስገን። ኣሜን።